# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ. 102 | ቀዳም 28 ታሕሳስ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 4
ዝዓነወ ኣዳራሽ ዳግም...



ገጽ 5
መበል 25 ዋዕላ...



ገጽ 7
ቀስቲ ሳሮን



ገጽ 8
እቲ ዓሻ ዓጋዜን



ገጽ 9
ሊቨርፑል!




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ኢትዮጵያ ወግዓዊ ዑደቱ ፈጺሙ ተመሊሱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ ቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ኢትዮጵያ ዘገበሮ ናይ ሰለስተ መዓልታት ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀደም-ቐትሪ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድን ኣብ ዞቶኦዶዎ ርክብ፡ ብመሰረት'ቲ ብ9 ሓምለ 2018 ኣብ ኣስመራ ዝተኸተመ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን፡ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምድንፋዕ ኣብ 2020 ቀዳምነት ኣብ ዝወሃቦም ኣገደስቲ ጽላታት፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ መዳያት ትሕተ-ቅርጻዊ ምትእስሳርን ልምዓታዊ መደባትን ጭብጣዊ መደባት ንምትግባር ተመያየጡ።

ኣብ ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ኣብ ዞቶኦዶዎ ሰፊሕ ምይይጥ ድማ፡ ነቲ ካብ ምኽታም ናይቲ ስምምዕ ጀሚሮም ብሓባር ክሰርሑሉ ዝጸንሑ ዞባዊ ወህደት፡ ኣብ 2020 ብዝተጠናኸረ መልክዕ ክዕቅብዎን ክሰርሑሉን ተሰማሚዖም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ትማሊ ካብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ቦሌ ኣብ ዝተበገሱ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት ኣፋንዮም።

ክልቲኦም መራሕቲ - ድሕሪ ስምምዕ ኣስመራ ብብጾሖም ዝተብርዎ ዘለዉ ምብጻሓት፡ ምስ'ቲ ዘሎ ብድሆታት፡ ጉዕዞ ሰላም፡ ምሕዝነትን ምትሕብባርን ንምሕያል ናይ ዘሎ ሓባራዊ ድሌትን ቁራጽነትን መግለጺ እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ፡ ንክብሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን፡ ብ26 ታሕሳስ ናይ ድራር እንግዶት ገይሮም ነይሮም።

ኣብቲ እንግዶት፡ ፕረዚደንት ሳህለወርቅ ዘውዴ፡ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ደመቀ መኮንን፡ ሚኒስተራት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝመደብሮም ዲፕሎማሲያውያን፡ ፍሉጣት ሰባትን ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዓሚቕ ዝተ ከምዝተኻየዱ ብምሕባር፡ "ራእይና፡ ብዓጸፋ ስራሕ ክምዝሰዓር ርግጸኛታት ኢና" ኢሉ። ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጀመርኦ ጉዕዞ ሰላምን ምሕዝነትን ብዝተፈላለየ መደባት ክደርዓኦ ኣብ ሓያሎ ጽላታት ብሓባር ይሰርሓ ከምዘለዋ ድማ ኣረጋጊጹ።

ኣብዚ ካብ 25 ክሳብ 27 ታሕሳስ ዝተኻየደ ናይ ሰለስተ መዓልታት ወግዓዊ ዑደት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ዳይረክተር ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ኣቶ ኣማኒ ሓሰንን፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሮም ተጓዒዞም ነይሮም።



ሰ/ሳሙኤል የውሃንስ

# ኣምበሳደር ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሰሚናር ኣካዪዱ

መንእሰያት፡ ተራሕዩ ናይ ዘሎ ሰፋሕቲ ዕድላት ተረባሒቲ ብምዃን፡ ኣብጸላት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ኢንዱስትሪ ሕርሻ መራኸቢታትን ካልኦን ዕዙዝ ተሳትፎ ብምግባሮም ኤርትራ ብቑጠባ ዝበልጸገት ንምግባራ ተራኦም ክጻወቱ፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ፡ ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ብ24 ታሕሳስ ንተማሃሮ፡ ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝገበሮ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ከባቢና ዞባናን ዓለምን ዘሎና ናይ ሰናይ ጉርብትና - ዘላቒ ናይ ልምዓትን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ጸምዶ፡ እናሓየለ ይኸይድ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ዝኾነ ብምግንዛብ ሃገራዊ ሓድነትና ኣይልዩልና ሃገርና ዝሓተቶ ክገንፍጽም ከምዘዮርሓ ኣረዲኡ።

መንእሰያት፡ ንቑሓት ኮይኖም ውዳበኦምን ጥምረቶምን ብምሕያል ራኢኦም ክትግበሩ ብምልባው ድማ፡ ሃገራዊ መንነትን ባህላዊ ክብርታትን ብምዕቃብ፡ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ልምዓትን ህንጸትን መደባት ብውሑስን ኣተኣማማኒን ደረጃ ንኽቕጽል፡ በጺሒናዮ ዘሎና መድረኽ ንመንእሰያት ረዚን ሕድርን ሓላፍነትን ዘሰክም ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ተኻላዊ ኣሰራርሓን ሓያል ውዳበን፡ ንሃገራዊ ድሕነትና ቀዳምነት ዝህብ ምዃኑ ብምሕባር ከኣ፡ ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ዝተራእየ ተወፋይነት፡ ልኡላውነት ንምዕቃብን ዝተሓንጸጹ መደባት ልምዓት ንምትግባርን መንእሰያት ኤርትራ ዘርኣዩዎ ትብዓትን ንጥፈታትን ብምንኣድ፡ ናብ ወለዶታት ክሰጋገር ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መንእሰያት ኣብ ዝሰርሑሉ ትካላት ንተወፋይነቶም ዝሕግዝ ዕቱብ ምቁጽጻርን ምክትታልን ክግበርን ክማዓባልን ኣብ ውሳነ ቦታ ከምዝህልዎም ከምኡ'ውን ዝሰፍን ዘሎ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ዝያዳ ክድንፍዕ ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።





ሰ/ሃብተገርግሽ ተስፋሚካኤል

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት የሰላስሉ





ኤርትራውያን ነበርቲ በልፈልድ፡ ሹፐርታል፡ ሙንሸንግላድባኽ፡ ክረፈልድ፡ ዱዝልዶርፍ፡ ከሰንን ከባቢኣን ሃኖቨር - ጀርመን፡ ጁባ - ረፑብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ኣምስተርዳምን ሮተርዳምን - ሆላንድ፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣሰላሲሎም።

ብመሰረት'ዚ፡ ኣባላት ህግደፍ ናይተን ዝተጠቕሳ ከተማታት ጀርመን ብ15 ታሕሳስ - ንጥፈታቶም ዝግምግም ኣኼባ ኣብ ከተማ ከሰን ኣካይዶም።

ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ሓላፊ ዲፕሎማስን ሚድያን ኣቶ ተኽሉ ለባሲ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ናይ ሰላም ሃዋህውን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ጁባን ከባቢኣን ድማ ብ 22 ታሕሳስ "መድረኽ ዘተን ምብህሃልን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣኼባ ኣካይዶም።

እቲ ኣስታት 250 ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ናይ ምምኽኻር መደብ፡ ተሳተፍቲ - ኣብ ገዕዞኦም ኣገዳሲ ሓጊዝ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ገሊጾም ኣለዉ።

ድሕሪ ዘተን ክትዕን ዘቕረብዎ ሕቶታት፡ ካብ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፑብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል መልሲ ከምዝረኸቡሉ እውን ሓቢሮም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ኣምስተርዳምን ሮተርዳምን - ሆላንድ ኣብ ዘዳለውዎ መደባት ዝኸደ መዓልቲ ሰንክላን፡ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሆላንድ ኣቶ ሰለሞን መሓሪ፡ ሰንክላን ምሕጋዝ - ቀጻሊ ምኽትታልን ደገፍ ምግባርን ዝሓትት ሰናይ ተግባር ምኳኖም ኣዘኻኺሮም።

---

## ሃይኮታ - ኣልማዕቲ ጀራዲን ስልጠና ተዋሂቡዎም

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ዝርከቡ ኣልማዕቲ ጀራዲን፡ ኣብ ወጽኢታዊ ኣገባብ ምልማዕ ኣሕምልትን ፍረታትን ስልጠና ተዋሂቡዎም።

ኣብ'ዚ ብዋዕላ ዝተሰነየ ትምህርቲ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣቶ ምሉጌታ ሓጎስ፡ ማሰርሒ ምልማዕ ኣሕምልትን ፍረታትን ልዑል ተገዳስነት ዝሓትት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ምስ ጥዕና ደቂ-ሰብ ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎ እውን - ሓረስቶት ብሞያውያን ዝተደገፈ ኣገባብ ክኽተሉን ልዑል ጥንቃቐ ክዘውትሩን ኣተሓሳሲቡ።

ካልኦት ሰብሞያ እውን፡ ኣልማዕቲ ድሕነቶም ዝተረጋገጸ ብለጽ ቀረብ ንምቕራብ፡ ስሩዕ ብልጡታዊ ኣገባብ ክኽተሉን ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ብኣደ-ወሮም ክይጥቀሙን መኺሮም።

ሰልጠንቲ፡ ዝተዋህቦም ትምህርቲ ብመልክዕ መወከሲ ተዳልዩ - ናብ ኩሎም ሓረስቶት ዝበጽሓሉ መገዲ ክፍጠር፡ እኹል ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ክቐርብ ኣዘኻኺሮም።

## ዓሰብ - ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ተዋሂቡ

መንእሰያት ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ ዓሰብ፡ ብ19 ታሕሳስ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ሰሚናር ተዋሂቡዎም።

ኣብ ዓሰብ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣቶ ኣደም ዓሊ፡ ትምህርቲ - ኣብ ስራሕ ዓለም ወሳኒ ግደ ዘለዎን ቀጻሊ ክሰዓብ ዝግባእን ዓውዲ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ መንእሰያት ኣደህበኦም ናብ ትምህርቲ ክገብሩን ኣብ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን ጸዊዑ።

ህዝባዊ ግንባር፡ መንእሰይ መሪሕ ኣካል ኣብ ሃገር ናይ ዝሰላሰል ልምዓታዊ መደባት ምዃኑ ብምእማን፡ ውዳብ መንእሰያት ንምሕያል ክሰርሓሉ ከምዝጸንሐ ጠቒሱ፡ ትምህርትን ሞያን ቀሲሞም ኣብ ስራሕ ዓለም ዝተዋፈሩ መንእሰያት - ውዳቦም ኣደልዲሎም ኣብ ትምህርቲ ዓለም ንዘርክቡ ኣሕዋቶም ናይ ጽቡቕ ኣብነት ክኾኑ መኺሩ።

## ተሰነይ - ክታበት ጸረ-ሕማም ኣንቅጺ ጽቡቕ ይሰላሰል

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ መስርሕ ክታበት ሕማም ኣንቅጺን ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ'ን ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ገብረሂወት ተኸስተ ሓቢሩ።

ቡብምምሕዳራት ከባቢኡ ዝተኻየደ ጉስጓሳት፡ እቲ ወፍሪ ብጽፈት ንክሳለጥ ከምዝሓገዘ ዝሓበረ ኣቶ ገብረሂወት፡ ምሉእ ሽፋኑ ንምርግጋጽ ልዕሊ 80 መኽተቢ ነቑጣታት ከምእተዳለው፡ ካብቶም ክታበት ዝምልከቶም ልዕሊ 70 ሽሕ መንእሰያት ድማ፡ ዛጊት ልዕሊ ፍርቂ ከምእተኸተቡ ገሊጹ።

መደብ ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ' ካብ ዝምልከቶም ልዕሊ 12 ሽሕ ህጻናት እውን፡ እቶም ልዕሊ ፍርቂ ከምዝወሰዱ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ሳላ ተሳትፎ ህዝቢ፡ ምምሕዳራትን መሻርኽቲ ኣካላትን፡ ኣብ'ቲ ክሳብ 30 ታሕሳስ ዝቕጽል ሽፋን ክታበት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ክበጽሕ እዩ ትጽቢት ተገይሩ ዘሎ።

### ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊቦት
18 54 00
ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17
ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99
ኮርፖሬሽን ኤሌክትሪክ
ሰቲ
12 22 22
ፋርማችያ ቁ. 1
127565
መጥፋእቲ ሓዊ
202099
ማሕበር ቀይሕ መስቀል
154633


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ሳምራዊት መለስ ሰማያዊት ሓይለኣብ
ትንሱእ ፍስሃየ ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ መደብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሄሎ ቆልዑ |
| 09:40 | ወፍሪ ምክልኻል ኣዝጦ 2ይ ክፋል |
| 10:15 | ዶክመንታሪ |
| 11:00 | ዘተ ስፖርት ቀጥታ |
| 11:45 | ፓኖራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ሕጊ ንስኻትን ንዕበዮትን |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | መደብ ሽግርዋ |
| 14:30 | መደብ ናትራን |
| 16:30 | ተኸታታሊ ፊልም እተን መሓዛት 12ይ ክፋል |
| 17:00 | ድርብ ዕማም ንሃገር ንግዕርትትን |
| 17:50 | ሳይዳ |
| 19:00 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሪፖርታጅ ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ማጨሎ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | |

ብቐጥታ ኣብ ማሰመር ተለቪዥን ኤርትራ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።
ብራይተን ምስቦርን ማውዝ
ሰዓት 03:30 ድ/ቀትሪ
ኒውካስትል ምስ ኤቨርተን
ሰዓት 06:00 ድ/ቀትሪ
ዌስትሃም ምስ ሌስተር ሲቲ
ሰዓት 08:30 ድ/ቀትሪ
በርንለይ ምስ ማን ዩናይትድ
ሰዓት 10:45 ድ/ቀትሪ

## ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ፊዮሪና |
| 09:35 | ዶክመንታሪ |
| 10:15 | ፓኖርማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ቀጥታ |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | ተኸታታሊት ፊልም እንዳ ዝሞም |
| 17:10 | ዶክመንታሪ |
| 18:30 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሽዕቡ /ህድግ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ኣቓልቦ ትንታነ ዜና |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብቐጥታ ኣብ ማሰመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።
ኣርሰናል ምስ ቸልሲ
ሰዓት 05:00 ድ/ቀትሪ
ሊቨርፑል ምስ ዎልቭዝ
ሰዓት 07:30 ድ/ቀትሪ
ማን ሲቲ ምስ ሸፊልድ ዩናይትድ
ሰዓት09:00ድ/ቀትሪ

## ሰኑይ


| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 14:35 | SPORT HIGHLIGHTS |
| 16:10 | ሄራር/ሽዕቡ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 18:30 | ልዝብ መንእሰያት |
| 19:20 | ድ/ደ/ሓደ ልቢ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መደብ ስፖርት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብቐጥታ ማሰመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ
ፊልም ሰዓት 09:30 ድ/ቀትሪ ኣሎ።

ዲዛይን ስእልን ታእዛዝ ኣብርሃ

## ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኢትዮጵያ

25-27-12-2019



















# ሕርሻን መግብን








ዳህላክ ኒጋሲ

# ዝዓነወ ኣዳራሽ ዳግም ንምህናጽ - ዕዉት ተበግሶ!

ኣቶ ተኽለማርያም ተኸስተ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጃ ሽጻኸ ምዕራብ ኣርባዕተ ከሎሜተር ርሒቓ ኣብ



ኣቶ ተኽለማርያም ተኸስተ

እትርከብ 'ማዕፍንቶ' ኣብ እትብሃል ዓዲ እዩ ተወሊዱ ዓብዩ። ንሱ ኣባል ናይ'ታ ሓሙሽተ ደቂ ዘፍረየት ስድራ-ቤት ኣቶ ተኸስተ ደብሩ እዩ።

ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ዝነብር ህዝቢ፡ መብዛሕትኡ ብ'ህድሞ' ኣብ ዝፍለጥ መንበሪ ቤት እዩ ዝነብር። ስድራ-ቤት ኣቶ ተኸስተ እውን ከም ኩሉ ኣባሪ ናይ'ቲ ከባቢ፡ ካብ ኣቦሓጎታቶም ዝተወርሰት፡ ናይ ኣስታት ኣርባዕተ ወለዶ ዕድመ ኣብ ዘቝጸረት ህድሞ ሓቢሮም ይነብሩ።

እታ ስድራ-ቤት ሓሙሽተ ደቂ እኳ እንተ ኣፍረየት፡ ሓደ ካብኦም ናጽነት ሃገር ንምምጻእ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ - ሞያኡ ተኸፊሉ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሓሙሻይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ዝወረደ ካልእ ሓምም እውን ኣብቲ ልኡላውነት ንምውሓስ ዝተኻየደ ኲናት ተሰዊኡ። ኣቶ ተኽለማርያም እውን ምስ ሳልሳይ ዙርያ ከቲቱ - ከም ኩሉ ኤርትራዊ ህላውነት ህዝቡን ሃገሩን ንምርግጋጽ እጃሙ ኣበርኪቱ።

ስድራ-ቤት ኣቶ ተኸስተ፡ ኣብ'ቲ ንስለ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ሃገር ዝተኻየደ ክልተ ናይ ቃልሲን ምክልኻልን መድረኻት፡ ክልተ ደቃ ሞያኦም ከፊሎም። ወለዲ እውን ድሕሪ ገለ እዋን ብሞት ስለዝተፈልዩ፡ ዝተረፉ ደማ ኣብ ምክልኻል ሃገርን ካልእ ዋኒንን ስለዝተጸምዱ፡ እታ መላእ ስድራ-ቤት ሓቝፉ ተማሙቑ ዝነበረት ህድሞ ኣቦሓጎታቶም ክትዓኑ ተገደደት።

ድሕሪ ምዝዛም ኲናት ወያኔ ኣቶ ተኽለማርያም ኣብ ዝተፈላለዩ ዕማማት እናነጠፈ፡ ግቡእ ንምምላእ እውን ኣብ ህንጸት ሃገር ደርኪቡ። ንሱ እቲ ቀንዲ ዝፈትዎ ወይ ዝያዳ ዝጥፈሉ ሞያ ስእሊ (ካሜራ ማን) ኩይኑ፡ ሕጂ እውን እንተኾነ ጉድኒ-ጉድኒ ካልእ ንጥፈታቱ ብዕምቈት ይሰርሓሉ ኣሎ።

ሰኣላይ ተኽለማርያም፡ ዝነበሩሉን ዝሰርሓሉን ቦታ ኣስመራ ስለዝኾነ፡ ንኹሉ ንጥፈታቱ ኣወዝዩ ቀጺሉ። ናብ'ታ ማብቈል ዓዱ ክመላለስን ደሃይ'ታ ማብቆሉም ቤት ክንብርን የጸገሞ እዩ። እንተኾነ፡ እታ ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽን ቅርስን ዝሓቘፈት ገዛ ኣቦሓጎታቱ፡ ኣብ ግዜኡ በጺሓ ዓንያ ከርኢ - ሕልናኡ ከሉ ግዜ ቅሳነት ይኽልኦ ነበረ።

እታ ኣብ ወሸጣ ብዙሕ ዝኽርታት ዝሓቘፈት ቤት እንተደአ ዓንያ፡ ሕድሪ ስውኣት ኣሕዋቱ እውን ዝጠለመ ኩይኑ ስለዝስምዖ፡ ንዓመታት ዝኣክል ኣእምሮኡ ፍጹም ዕረፍቲ ሰኣኑ። ጠለብት ህሉው ስድራ-ቤቱ እናኣማልኡ ብዛዕባ እዛ ዘደቀሶቶ ገዛ ይሓስብ። ቀጻሊ ጸዕሩ ከቢድ ስራሕ ከምዝሓትቶ ተረድኡ።

ስለ'ዚ እምበኣር ሰኣላይ ተኽለማርያም፡ ነታ ጠቕሊላ ኣብ ኣፋፈት ዕንወት ዝበጽሐት ቤት ከድሕን እንተ ኾይኑ፡ እኹል ትሕዝቶ ክህልዎ ኣንቀደ። ንኹሉ እቲ ኣብ ኣእምሮኡ ቀጻሊ ዝመላለስ ሕቶታት መልሲ ንምርካብ፡ ናይ ውልቁ ሰጉምቲ ብምውሳድ ሕልናኡ ከዕርፍ ተበገሰ።

ሓሳቡ ክዉን ንምግባር ዝሓቶ ዋጋ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ትግባረ ልዑል ጸዕረን ሓጎስ ደገፍ ካልኦት እውን ዝጠልብ ምኻኑ ኣይዘንግዐን። ስለ'ዚ ድማ፡ ፈለማ ብሚኒስትሪ ምክልኻል ብዝተገብረሉ ደገፍ፡ እታ ኣውራ ህድሞ ጠቕሊላ ከምእትፈርስ ተገብረ። ብምቕጻል፡ ነርቲ እቲ ዓዲ ብዝተወደበሉ ወፈራ፡ ዳግም ብሓደሽ መልክዕ ናብ ምህናጽ በቒዐት። ገለ ክፋል ናይ'ቲ ህንጻ ብዝበረ ናውቲ ክዕመም እንከሎ፡ ዝተረፈ ድማ ካብ ደገ እናተማልአሉ ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ ምዝዛም በጺሓ - እታ ታሪኻዊት ህድሞ።

እታ ህድሞ ዳግም ንክትህነጽ ስድራ-ቤት ኣቶ መሓሪ ተድላ ከለንትናዊ ደገፍ ከምዝበርከቱ እውን ኣቶ ተኽለማርያም ጠቒሱ ኣሎ። ብፍላይ፡ ሓው ጸሃየ መሓሪ ተድላ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ካብ ጎድኑ ከይተፈልየ፡ እታ ህድሞ ንኽትዛዘም ልዑል ተራ ስለዝነበሮ፡ በቲ ልዑል ምትሕግጋዝ ኤርትራዊ ባህሊ ሰኣላይ ተኽለማርያም የመስግኖ።

እቲ ሓሳብ ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኸኣለ፡ ሰኣላይ ተኽለማርያም ንኹሉ ንጥፈታቱ ብመደብ ብምስራዕ ሓደ ምስ ካልእ ከይደባለቐ ስለ ዝመረሖ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜ ውሕሉል መገዲ ስለዝኸተለ፡ ዕማሙ ብምውቃዕ ሕልናዊ ዕረፍቲ ክረክብ ዝጸዓረ ህርኩት ሰራሕተኛ እዩ።

ሰኣላይ ተኽለማርያም ፈለማ ነቲ ሓሳብ ከበግሶ እንከሎ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት እቶም ስድራ-ቤት ሓደ ጠማሪ ሓሳብ ወይ ርድኢት ኣይነበረን። ንኣብነት፡ እቲ ነዊሕ ዓመታት ኣገልጊሉ ዝዓነወ ህድሞ፡ ብኻልእ መልክዕ ይተሃነጽ ዝብል ሓሳብ ቀሪቡ ነይሩ። እንተኾነ፡ ንሱ ነቲ ያታውን ታሪኻውን ቅርሲ ዝሓዘ ቤት ከፍርስ ኣይዓሰቦ፡ ስለዚይተራእዮ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ክህነጽ ኣይተሰማምዐን።

በዩናዊ ውሳነ ብምውሳድ፡ ብያታዊ መገዲ ክሃንጾ እዩ በቒዑ። ሎሚ ቤት እቶም ጀጋኑ ስውኣት፡ ካብ ምፍራስን ምብልሻውን ተኣጊላ፡ ብኹሉ ሸነኻ ዝያዳ እኳ ደኣ ማዕረጋ ኣብ'ቲ ዓዲ መሳጢት ኩይና ትርከብ ኣላ።

ሰኣላይ ተኽለማርያም፡ ነቲ ህድሞ ድሕሪ ምህናጹ እውን ሕድሪ ስውኣት ኣሕዋቱ ዝተፈጸመ ወይ ዝተማልአ ኩይኑ ስለዘይተሰምዖ ተወሲኺ ነቲ ህድሞ ግርማ ኣብ ዝህብ ንጥፈታት ክጽመድ ወሰነ። ኣእምሮኡ ዝያዳ ዕረፍቲ ክረክብ እንተኾይኑ፡ ቀጽሪ እቲ ገዛ ብዝተፈላለየ ኣትክልቲ ከውቅቦ ተበገሰ።

ፈለማ ድማ ነቲ ቅድሚ ገዛ ብጸቡቕ ብምምድማድ ኣልመዮ። ቀጺሉ፡ ብጎደኒ እቲ ገዛ ንዝርከብ ሃጓፍ ቦታ ብምድልዳል ዝተፈላለየ ኣትክልቲ ተኸለ።

እቲ መደብ ምግራብ እውን ከም ናይ ዝቐደመ ዋጋ ይሓትት ነይሩ እዩ። ንኣብነት፡ ብድሮ ናብ ዓዱ ዝኸሰላ ዕለት፡ ነቲ ፈልሲ ገረብ ካብ መደብር ፈልሲ ቤት-ገርግሽ ብምምጻእ ቀሪቡዎ ይሓድር። ክብደት እቲ ፈልሰታት ካብ 15 ክሳብ 20 ከሎ ግራም ዝጸሕ እዩ። እዚ ተሰኪሙ ከይዱ፡ ተኸሉን ማይ ኣስትዩን ኣብ'ቲ ዓዲ ከይሓደረ ናብ ኣስመራ ንኽምለስ ኣንገሁ ይትንስኡ። ምስተን ወጋሕታ ናብ ከረን ዝገዓዛ ኣውቶብስ ተሳፊሩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጃቓ ብምውራድ፡ ኣርባዕተ ከሎሜተር ብእግሩ ይገዓዝ።

ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ንዓዲ ማዕፍንቶ እናተመላለሰ እንኳንሳእ ብጉልበቱ ኣብ ገለ እዋን ድማ ብኣእዱግ እናጸዓነ 32 ጀሪካን ማይ ጓሪቱ ነቲ ኣትክልቲ የስትዮ። እቲ ናብ ምንጪ ማይ ዝወስድ መንገዲ ዘይጥጡሕን ምሐር ኣጸደፍ ዝጠዙሓን ስለዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ርሕቀቱ ናይ ኣስታት ሓደ ከሎሜተር ብምዃኑ፡ ኩሉ ግዜ ንኽየም ልዑል ጸዓት ከጥፍእ ግድነት ነበረ። ነቲ ዝሓለፎ ወጥን ሸቶኡ ክውቅዕ ጥረይ ክጽዕር ከምዝለዎ ስለዝተገንዘበ ግዱ ዝሸንቅጽ ብደሀታት ኣብ ምፍኻስ ጥረይ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ነበረ።

ቀጽሪ እቲ ህድሞ፡ ዝተፈላለዩ ኣትክልቲ ከም ጊሉ፡ ኣሽካዶ፡ ዘይትቡን፡ ታህሰስ፡ ኣውለዕ፡ ሚሌ፡ ብክሪስማስ ዝፍለጥ ናይ ጎደና ገረብ፡ ነንበይኑ ዓይነት ፍያሪታን ካልእን ተተኺልዎ ደርኪቡ። ኣብ'ቲ ቦታ ብጠቕላላ ኣስታት 300 ኣታኽልትን ኣግራብን ተተኺሉ ኣሎ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት እውን ብድሕሪ እቲ ገዛ ኣስታት 30 ኣግራብ ንምትካል መደብ ሓንጺጹ ደርኪቡ።

እቲ ዝተፈላለየ ኣትክልቲ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ውሑስ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ኣብ'ቲ ንሱ ዝነበረሉ ቦታ - ኣስመራ ኩይኑ፡ ነቲ ኣትክልቲ ክከታተሎ ስለዘይክእል፡ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ካብ እንስሳን ካልእን ጥቕዓት ምእንቲ ከየጋጥሞ፡ ብድልዱል ሓጹር ሓጺርዎ/ጋሪድዎ ደርኪቡ። ኣብ ጥቓኡ ዝርከቡ ጎረባብቲ እውን ኣብ ሓለዋ ከምዝድጋፍዎ ምስናይ ኣኽብሮት ገሊጹ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ምርባሕ ንህቢ ክጥፍ መደብ ከምዘለዎ እዩ ኣቶ ተኽለማርያም ዝሕብር። ዘርብኡም ኣናህቡ ካብ'ቲ ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤት ዝርከብ ፍያርታት እናተመገቡ ጸቡቕ ወጽኢት ክህብዎ ተስፋ ይገብር።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ህርኩታት ሰባት ወይ ኣፍረይቲ ቁሉሕታ ህቡ - ከተባብዕን ደገፍ ክህብን ዝግባእ እዩ።







እቲ ምንታይ፡ መብዛሕትኦም ሓረስቶት ኣብ ትሑት መነባብሮ ስለዝነብሩ፡ ገዚእ ነብሶም ረቢሖም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ደገፍ የድልዮም እዩ። ብመንጽር ዝሞበረሎም ሓገዝ ዝያዳ ክፍርዩ ስለ ዝድረኹ፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈት ኣስተዋጽኦኦም ክዕቢ ግድን እዩ።

ሰኣላይ ተኽለማርያም፡ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ከም መምህርን ካሜራ ማንን ኩይኑ ይሰርሕ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ኣብ ምስናድ ታሪኻዊ ቃልሲ እጃሙ የበርክት።

ኣቶ ተኽለማርያም፡ ኣብ ሞያ ምስኣል ካብ ዝጀመረ ኣስታት 35 ዓመት ገይሩ ኣሎ። ኣብ'ቲ ሞያ ክነብር ፍቕሪ ስለዘለዎ፡ ኣብ ኩሉ ጉዕዞኡ ካሜራ ካብኡ ከይፈለየ እዩ ዝንቀሳቐስ። "መዓልታዊ ማእለያ ዘይብሎም ፍጻመታት ስለዘለው፡ ዝም ዳግም ዘይምለሱ ኣጋጣሚታት እዚኦም ድማ ክትሰንዶም ዘይትኽእል እንተደኣ ኮይንካ፡ ነቲ እትሃጥፈሉ ሞያ ከም ዘይምኽባር እዩ ዝቖጽር" በሃላይ እዩ ተኽለማርያም። ሰኣሊ ሃብቲ ሓንቲ ሃገር ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣተሓሕዝኡ ልዑል ጥንቃቐ ከምዘድልዮ እውን የዘኻኽር።

ብምኽንያት ብሩራዊ ኢያባልዩ ምምስራት ሃግደፍ፡ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዘዳደሞ ውድድር ስእሊ ተሳቲፉ ነይሩ ተኽለማርያም። "ኤርትራውያን ኣዴታት ኣብ ስራሕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ሰኣላይ ተኽለማርያም፡ ኣብ'ቲ ውድድር ሓንቲ ኣደ ዕትሮ ጋዝ ተሰኪማ፡ ብጽርግያ እናተጓዕዘት እንክላ እትገልጽ ስእሊ ኣቕሪቡ። እታ ስእሊ ኣብ'ቲ በዓል ብሃገር ደረጃ ቀዳማይ ብምዃኑ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ክትዕወት በቒዓ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ሓላንቲ ገረብ እንተደኣ ተኺሉ፡ ብርግጽ ውሑስ ከባቢ ክህልወ ከም ዝኽእል ሰኣላይ ተኽለማርያም የዘኻኽር።

ንሕና እውን እዚ ኣብነታዊ ዜጋ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ - ብሕልፊ ኣብቲ ዝጉበሮ ዘሎ ናይ ምግራብ ስራሓት፡ ኣጆኻ ክንብሃልን ክሰዓብን ሰብ ምሉእ ተስፉ ኢና። ርሑስ ሓደሽ ዓመት!

## ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

ካብ ዝሓለፈ 150 ዓመታት ኣትሒዙ ኣብ ዓለም ብሰንኪ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ናብ ጠፈር ዝፀንን በኻልቲ ጋዛት ክሊማዊ ለውጢ ዓለምና ብናህሪ ይውሰኽ ኣሎ። እዚ ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ተሽከርከርቲ መራኽብ ነፈርቲ ወዘተ. ብዝወጽእ ትኪ ዝስዕብ ዘሎ ኩነታት ንመነባብሮ ህይወት ደቂሰብ፡ ኣትክልቲን እንስሳትታትን ብኣሉታ ይጸሉ ኣሎ።

በዚ ምኽንያት፡ መጠን ዓለማዊ ዋዒ ካብ ዘበነ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ንደሓር ጥራይ፡ ብ1.1 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ወሲኹ ኣሎ - ኻ ደማ ይውሰኽ ኣሎ። በዚ ዘለዎ ናህሪ እንተ ቐጺሉ፡ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ዘመን እውን እቲ መጠን ካብ 3.1 ክሳብ 3.9 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክወሰኽ ከም ዝኽእል ኢያም ሊቃውንቲ ዝትንብዩ ዘለዉ። እዚ ኩነታት'ዚ እምብዛ ዘጥቀሰን ብዙሓት ሃገራት ዓለም፡ ኣብ ዝመጽእ 10 ዓመታት ንምቁጽጻሩ ዝዓለመ ኣህጉራዊ ዋዕላታት ብምውዳብ ዝተፈላለየ መደባት ይሕንጽጻ ኣለዋ። ሓደ ካብቲ መደባተን ንምትግባር ዝወደባኦ ዋዕላ እምባኣር፡ ብሕቡራት ሃገራት ተማእኪሉ ካብ 2 ክሳብ 13 ታሕሳስ ኣብ ማድሪድ - ርእሰከተማ ስጳኛ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ኮንፈረንስ ክሊማዊ ለውጢ እዩ ነይሩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ጉዳይ ክሊማዊ ለውጢ ዝዝቲን ሕቡራት ሃገራት ዘማእከሎ ኣህጉራዊ ዋዕላታት ዓመት መጸ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ክቃናዕ ድሕሪ ምጽናሕ'ዩ ሎሚ ዓመት ኣብ ማድሪድ ንመበል 25 ግዜኡ ተቓኒዑ። እቲ 197 ሃገራት ዝተሳተፋኦ ዋዕላ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ሕዳር 2019 ኣብ ብራዚል ክካየድ ተመዲቡ'ኳ እንተ ነበረ፡ ብሰንኪ'ቲ ሓድሽ ፕረዚደንት እታ ሃገር ጃየር ቦልሶናሮ ዝገለጾ ቁጠባዊ ጸገም ግና ብራዚል ነቲ ዋዕላ ከተኣንግዶ ከም ዘይትኽእል ስለ ዝሓበረት፡ እቲ ዕድል ናብ ቺለ ተሰጊሩ። እንተኾነ፡ እታ ነቲ ዋዕላ ከተኣንግድ ዝተመርጸት ቺለ'ውን ብህዝባዊ ናዕቢ ክትሕመስ ስለ ዝጀመረት፡ ብሓባራዊ ስምምዕ ሕቡራት ሃገራት፡ ቺለን ስጳኛን እቲ ዋዕላ ናብ ማድሪድ ክሰጋገር ከኢሉ።

መንግስቲ ስጳኛ፡ ነቲ ኣብ ክሊማዊ ለውጢ ዘተኩረ ኣህጉራዊ ዋዕላ ኣብ ክልተ ብምኽፋል፡ ሰመያዊን ቀጠልያን ዞናት ከብል'ዩ ሰምዩዎ። በዚ መሰረት፡ ዞን ሰመያዊ፡ ንልዝብ ዝተፈላለዩ ወገናት ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላን ንዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዘይመንግስታውያን ውድባትን ዘጠቓልል ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ዞን ከኣ ተሳታፍት ህዝቢ ኣብ ምምካት ክሊማዊ ለውጢ ንምዕባይ ኩይኑ ዝተፈላለዩ ሲቪል ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ዋዕላ ማድሪድ ዝተፈላለየ ዛዕባታት'ዩ ተላዒሉን ተዘቲዩሉን።

ገለ ካብኡ፡ እቲ ካብ 1997 ኣትሒዙ ብሽውዓተ ዕጽፊ ዛይዱ ዘሎ ምምካኽ ቀጻሊ በረድ ደሴት ግሪንላንድ፡ ምኽንያ መጠን ኦክስጅን ኣብ ውቅያኖሳት፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ዓለም ኣብ ሓደጋ ዝርከብ ርብዒ ህዝቢ ዓለም ዘጠቓለለ ኢዩ ነሩ። ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ተዘሪቡሉ ዝበረ መደብ ምንካይ በኻልቲ ጋዛት ይትግብራ ብዘይምህላወን፡ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ደማ መብጽዓአን ከተግብራ ዘገድድ ሕጊ ብዘይምህላዉ፡ ተሳተፍቲ ዋዕላ ማድሪድ ነቲ ቦኺሩ ዘሎ መደባት ናይ ዋዕላ ፓሪስ (2015) ብምልዓል፡ ንዕኡ ንምትግባር ዝተፈላለዩ ምምሕያሻት ክግበሩ ተዘራሪቦምሉ እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ 2050 ምትኻኽ በኻልቲ ጋዛት (ካርቦን ዳይኦክሳይድ) ናብ ዜሮ ንምውራድ ሓድሽ ስምምዕ ክፍርም እንከሎ፡ ካልኦት 73 ዝተፈላለያ ሃገራት ድማ ብተመሳሳሊ ነቲ መጠን ናብ ዜሮ ከውርድኦ መብጽዓ ኣትየን ኣለዋ። ቅድሚ ክልተ ወርሒ ኣብ ኒውዮርክ - ሕ.መ.ኣመሪካ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ክሊማዊ ዋዕላ እውን፡ ሃገራት ዓለም ህጹጽ ስጉምቲ ኣንጻር ክሊማዊ ለውጢ ንምውሳድ ክጠንሳ ዝጸውዕ ለበዋታት ብምሕላፍ ተደምዲሙ ነይሩ።

ዝተፈላለዩ ወገናት ከም ዝገለጽዎ፡ እቲ ንበዙሓት ሃገራት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባትን ካልኦትን ዘሳተፈ ዋዕላ ማድሪድ፡ ዓበይቲ ጉዳያት ክሊማዊ ለውጢ ክዘትየሉም ተሰፋ ተገቢሩሉ'ኳ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ነኣሽቱ ጉዳያት ማለት፡ ኣብ ከም ምንካይ ዕዳጋ በኻልቲ ጋዛት ዝተፍኡ ናይ ቅራይ ጸዓት (ኑዩዲ ዘይቲ፡ ሕመትን ካልእን) ዝኣመሰሉ ዛዕባታት ግን ኣብ ሓደ ስምምዕ ክበጽሑ ትጽቢታት ነይሩ። የግዳስ፡ ተሳተፍቲ ዋዕላ ማድሪድ ኣብዚ ዛዕባ'ዚ እውን ኣብ ሓደ መዕለቢ ኣይበጽሑን።

ወላኳ እቲ ኣብ ዋዕላ ማድሪድ ዘይተሳለ ነጥብታት ንዝመጸእ ዓመት ብሰፊሑ ክዝረበሉ ተመዲቡ እንተሎ፡ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት መበል 25 ዋዕላ ግን ውጽኢቱ ድኹም ከም ዝነበረ'ዩም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ። ኣብ ድኻሙ ተሸሚመን ዘለዋ፡ ብሰውጺ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ዝርከባ ሃገራት በዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ ሕጉሳት ከም ዘይኮና ብምግላጽ፡ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ከተማ ግላስጎው - ብሪጣንያ ዝቃናዕ ተመሳሳሊ ዋዕላ፡ ነቲ ናይ ዝሓለፈ ስምምዓት ናብ ትግባረ ዘሰጋግር ውጽኢት ክህሉዎ ጸዊዐን።

ንኣሽቱ ደሴታውያን ሃገራት ብሓንሳብ ብምውዳብ፡ ኣብ 2030 ሚእቲ ሚእታዊት ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ክሰጋገራ ምድላወን ክፍልጣ እንከለዋ፡ ፓኪስታን፡ ጓቲማላ፡ ኮሎምብያ፡ ናይጀርያ፡ ኒውዚላንድ፡ ከምኡ'ውን ደሴት ባርባዶስ ብድምር 11 በልየን ዝበጽሕ ኣግራብ ክተኽላ ተመጣጺወን ኣለዋ።

ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ ፓሪስ፡ ካብ 30 ሕዳር ክሳብ 11 ታሕሳስ 2015 ኣብ ፓሪስ - ፈረንሳ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ 20 ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ በቲ ተሳተፍቲ ሃገራት ብሓባር ዝኸተማሉ ስምምዕ ምንካይ በኻልቲ ጋዛት'ዩ ተደምዲሙ ነይሩ። በኻልቲ ጋዛት ከም ምትካኽ ካርቦን ዳይኦክሳይድን ሚተይንን ዝኣመሰሉ ኩይናም፡ ናብ ጠፈር ብምዕራግ ንመላእ ዓለም ብምዕባር ከም ዝጸልዉ እዩ ዝገለጽ። ውሑዳት ሃገራት፡ ንስምምዕ ዋዕላ ፓሪስ 2015 ዝምልከት ሓድሽ መደባት ሒዘን ናብ ማድሪድ ቀሪበን'ኳ እንተ ነበራ፡ ናይ ውሑዳት ሃገራት ትግባረ ግን ኣኻሊ ከም ዘይኮነ፡ እተን ዝበዝሓ ዓቐን በኻልቲ ጋዛት ዘትክኻ ቀዳሞት ሃገራት ኣሰረን እንተ ዘይተኸቲለን፡ ስምምዕ ዋዕላ ፓሪስ ኣብ ባይታ ዘምጽኦ ለውጢ ከም ዘይህሉ ኢያም ክኢላታት ዝሕብሩ።

ብሰንኪ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ዓለማዊ ዋዒ፡ ዝተፈላለያ ሃገራት ንዝመጽእ 2050 ዝኣትዋኦ ዘለዋ መብጽዓታት ጥራሕ እኹል ከም ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ እዘን ዝቕጽላ 10 ዓመታት ዝተፈላለየ ናይ ሓጺር እዋን (short-term) መደባት ሓንጺጸን ንኽተግብራ ጸቕጢ ከም ዘድሊ ክንግንዘብ ይግባእ ይብሉ ብዙሓት ክኢላታት ሰነ-ኣከባቢ። ኣብ ዋዕላ ፓሪስ ካብ ዝተበጽሑ ስምምዓት ሓደ፡ መጠን ወሰኽ ሙቐት ዓለም ኣብ 2 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ምድራት'ኳ እንተ ነበረ፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ይሰርሓሉ ብዘይምህላዉ ግን፡ ድሕሪ 2015 ጥራሕ ናብ ጠፈር ዝትፋእ መጠን ካርቦን ብ4 ሚእታዊት ክወሰኽ ተራእዩ።

በዚ ከኣ ኣብዚ ግዜ'ዚ መጠን ሙቐት ዓለም ካብቲ ቅድሚ 150 ዓመት ዝነበሮ መጠን ብ1.1 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ወሲኹ ኣሎ። በዚ ድማ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ናይ'ዚ ተርእዮ'ዚ ንምቁጽጻር፡ ኣብ ዝመጽእ 10 ዓመታት መጠን ናብ ህዋ ዝፀንን ካርቦን ዳይኦክሳይድ ዓመታዊ ብ7 ሚእታዊት ክንኪ ከም ዘለዎ ኢያም ክኢላታት ዝሓብሩ።

ሕ.መ.ኣመሪካ ወላ'ኳ ብዑራክ ኦባማ ኣብ ትምርሓሉ ዝነበረት ግዜ ንስምምዕ ፓሪስ እንተ ኸተመትሉ፡ ንዕኡ ተኪኡ ኣብ 2016 ናብ ስልጣን ዝደየበ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ግን ነቲ ስምምዕ ከምዘይድግፎን ሃገሩ ካብቲ ስምምዕ ከተንሳሕብ ምኻናን ኢዩ ሓቢሩ። ኣብ 2017 ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኸኣ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ግብሪ እንተ ወዒሉ ንኣመሪካ ናይ 3 ትሪልዮን ዶላር ክሳራ ከስዕብ ምኻኑ ኣረዲኡ ነይሩ። ኣመሪካ ካብ ስምምዕ ፓሪስ እንተ ኣንሳሒባ፡ እቲ ናይ ምንካይ በኻልቲ ጋዛት ስምምዕ ትግባረኡ ክተዓናቐፍ ከም ዝኽእል ኢያም ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዘጠንቅቑ።

ኣመሪካ ወሲዳቶ ዘላ ካብ ስምምዕ ፓሪስ ናይ ምንሳሓብ ውሳኔ ኣገዳሲ ዘጣዕሰን ንኻልኦት ሃገራት ዘዩተባብዕን ምኻኑ ኢያም እዮም ክኢላታ ወሲኾም ዝመልክቱ። ናይ ቀደም ፕረዚደንታት ሕ.መ.ኣመሪካ - ቢል ክሊንተንን ባራክ ኦባማን እቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝወሰድ ዘሎ ካብ ስምምዕ ፓሪስ ናይ ምንሳሓብ ስጉምቲ ዓቢ ጌጋ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ዓበይቲ ንግዳውያን ትካላትን ክፍለ-ሃገራትን ኣመሪካ እዚ ብምፍራስ ኣመሪካ በቲ ስምምዕ እትቕየደሉ ካልእ መንገዲ ክናድያ ተላቢዮም። እንተኾነ፡ ኣመሪካ ብዘይ ሸው ዝጸደቐ ውዕሉ፡ ቅድሚ ሕዳር 2020 ካብቲ ስምምዕ ከተንሳሕብ ከም ዘይትኽእልን ክሳብ እዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ጸብጻብ ዓቐን ናይ እተትክኾ በኻልቲ ጋዛት ንሕቡራት ሃገራት ክትህብ ክትግደድ ምኻናን ይሕበር።

ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ወገናትን፡ ዓመት መጸ ኣብ ጉዳይ ክሊማዊ ለውጢ ኣተኩሩ ዝዝቲ ዋዕላታት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት የካይዱ እዮም። እንተኾነ እቲ ኣብቲ ዋዕላታት ክወጽእ ዝጸንሐ ውጥናት ንምትግባር ክሰርሓሉ ጀሚሩ ድዩ? ዝኾነ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ኣብ ልዕሊ ዘድሓርሕራ ዘለዋ ብዙሓት ሃገራት እንታይ ክግበር ይኽእል? ዝብል ሕቶታት ግን ክዝረበሉ ኣይጸንሐን፡ ንኣብነት፡ ኣብቲ ኣብ ዋዕላ ፓሪስ ተሳተፍቲ ዝነበራ 195 ሃገራት መጠን በኻልቲ ጋዛት ንምንካይ ስምምዕ'ኳ እንተኾነማ 85 ሚእታዊት ካብኣተን ግን ብሰንኪ ዘቕርብኦ ናይ ውሽጠን ዝተፈላለየ ጸገማት ንትግባረኡ ይሰርሓ ከም ዘይለዋ'ዩ ዝግለጽ። ስለዝኾነ፡ ዓቐን ናብ ህዋ ዝበኑ በኻልቲ ጋዛት ካብ 2015 ንደሓር ጥራይ ብ4% ክዓቢ ክኢሉ ኣሎ - ብመሰረት መጽናዕቲ።

ቀዳማይ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ክሊማዊ ለውጢ ብ1995 ኣብ በርሊን ኣብ ዝተኻየደሉ ግዜ፡ ተሳተፍቲ እቲ ዋዕላ ነቲ እናወሰኸ ዝመጽእ ዝነበረ ዋዒ ዓለምና ናይ ምቍጽጻር ዕማም ንሃብታማት ሃገራት ጥራሕ ዝምልከት ገሪን እየን ዝርድኣኦ ኔረን ይብሉ ተሓለቕቲ ሰነ-ኣከባቢ። በዚ ከኣ በቲ ኣብ 1997 ኣብ ክዮቶ - ጃፓን ዝተቓነዐ ሳልሳይ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት፡ 'ክዮቶ ፕሮቶኮል' ተባሂሉ ዝተሰምየ ስምምዕ ተኸቲሙ። እዚ ስምምዕ'ዚ፡ ነተን 'ኣነክሱ-1' ዝተሰምያ ሃገራት ጥራሕ ዝሓቖፈ ኩይኑ፡ ዕላማኡ መጠን በኻልቲ ጋዛት ንምንካይ እዩ ነይሩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምብዳህ ዝሕግዝ ውጽኢት ከምቲ ዝድለ ኣይተረኸበን።

ምኽንያቱ እቲ ምቅይያር ናይ ክሊማን ሳዕቤናቱን ዝያዳ ኣብተን ብቐጠባ ዓበይቲ ዝኾና ሃገራት - ቻይና፡ ብራዚል፡ ደቡብ ኮርያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኢንዶነዥያን መክሲኮን ብዝበዝሐ ደርኡ ብምንባሩ፡ እዘን ሃገራት ከኣ ኣብቲ ብ 'ኣነክሱ-1' ዝፍለጥ ጉጅለ ኣብኦት ብዘይምኻነን እቲ ኣብ ክዮቶ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብቑዕ ከም ዘይነበረ ክኢላታት ሰነ-ኣከባቢ ይገልጹ።

ህዝቢ ዓለም ደሮ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ክሳቐ ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ዝርኣ ዘሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሰፊ ዘይብል ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት የውርድ ኣሎ። በዚ ከኣ ዓለምና ብዝበዝሐ እተትክኾ ዘላ ካርቦን ብህጹጽን ጽኑዕን ኣገባብ ክድረት ከም ዘለዎ፡ በቲ ዝርኣ ዘሎ ሳዕቤናት ዝትንከፉ ሃገራት ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክግበረለን ከም ዝግባእ፡ እዚ ከኣ ንጠንቅታት ክሊማዊ ለውጢ ዓለምና ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ሓጋዚ ምኻኑ እቶም ክኢላታት የመልክቱ።

እዚ ክግበር እንተ ዘይተኻኢሉ ግና፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ሓድሽ ክበረወሰን እናሓዘ ብምኻዱ፡ ንዝመጽእ ወለዶታት ኣብ ከቢድ ሓደጋ ከውድቖም ምኻኑ ኢዩ መጠንቀቕታ ዝወሃብ ዘሎ።

# መበል 25 ዋዕላ ክሊማዊ ለውጥን ውጽኢቱን



ሸባብ

ሃማመተኤ



መንእሰይ ትርሓስ ንርኣዮ

እዚ ብሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ዝተወደበ ዕዶት ናብ ቦታ ልምዓታዊ መደባት ብወገነይ ኣመና ጽቡቕ ነይሩ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዕዶት ኣካይደ ነይረ'የ። እዚ ናይ ናይ ሕጂ ዘካየድናዮ ዕዶት ከኣ ፍልይ ዝበለ ዕዶት ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዕዶት'ዚ ኣነ እንታይ'የ ተዓዚበ፡ ንነዊሕ ዝጠመተ ስራሕ፡ እሞ ድማ ብውሽጣዊ ዓቕምና ንሰርሕ ምህላውና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመደን ኣተኲርና ነሰላስሎ ዘለና ዕዮ ቀሊል ከምዘይኮነን ንመጻኢ ድማ ንቑጠባዊ ዓቕምና ዘደንፍዕ ሓያል ስራሕ ንሰርሕ ምሃላውናን'የ ተገንዚበ።

በዚ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ልምዓታዊ መደባት ከኣ ብመሰረቱ ውሕስነት መግቢ ከነረጋግጽ ንኽእል ኢና። ኣብዚ ማይ ህይወት'ዩ ዝብል ጭርሖ ዝጭረሓሉ ዘሎ እዋን ከኣ ውሕስነት እቲ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ማይ፡ ዳርጋ ኣረጋጊጽና ስለ ዘለና ንሕርሻዊ ንጥፈታት ንበሎ ንዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪያዊ ስርሓት ድልዱል መሰረት ኣንጺፍና ከምዘለና ኣረጋጊጸ ኣለኹ።

ምኽንያቱ ነዚ ብዓቕሚ ኤርትራዊ ዜጋ ብዓቕሚ ኤርትራውያን መንእሰያት ከኣ ብፍላይ ዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብዓይንኻ ምስረኣኻ መጻኢና እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ብንጹር ይበርሃልካ'ዩ። እዚ ልምዓታዊ መደባት እዚ ኣብ ኩሉ ቦታታት ናይ ሃገርና እንተደኣ ኣስፋሕፊሑ ኸኣ መጻኢ ኤርትራዊ ወለዶ ጥጡሕ መነባብሮ ናይ ህይወት ክቕበል'ዩ ዝብል እምንቶ ኣለኒ።

ኣነ ከም መንእሰይ መጠን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክንቃሳቐስ እንከለኹ ንተሳትፎን ኣበርክቶን መንእሰያት ኣብ ኩሉ ጽላታት'የ ዘተኩር። ናይ ብሓቂ ኸኣ ተሳትፎን ብቕዓትን ናይዞም መንእሰያት ጽቡቕን ዕዙዝን ኮይኑ'የ ዝረኽቦ።

ካብ ዝገረመካ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዘካየድናዮ ዕዶት ኣብቲ ናይ ልምዓታዊ ቦታታት ውዒለ ክሓድር ኣይምጸላእኩን። ምኽንያቱ ምስቲ ኣነ ኣብ ኮለጅ ዝተማሃርክዎ ዓውዲ ዝተኣሳሳሰር ንዓይ ድማ ንድሕሪት ናብ ናይ ኮለጅ ትምህርተይ ዝመልሰ፡ ንታሪኽና ዘንጸባርቕ፡ ውሕሉል እሞ ድማ ንበጻሕቲ ብዝሰሕብን ዝማርኽን ናይ ኣርክቴክት ስራሕ'የ ብዓይነይ ተዓዚበ። ኣብ ዝቕጽል ከመይ ዝበለ ኣደናቒ ኮይኑ ከም ዝጸንሓኒ ኸኣ ገና ብኣግኡ ብኣእምሮይ ቀሪጸዮ ኣለኹ። ተስፋ እገብር ከኣ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ግዜ ረኺበ ሃዲአ ብዕምቈት ከስተማቕሮ።

ኣብ መደምደምታ ንኹሎም መንእሰያት ብፍላይ ከኣ ንኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝርከቡ መንእሰያት ተማሃሮ ናብዚ ናይ ልምዓት ቦታታት ኣምጺእና ነዚ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብዓይኖም ክርእይዎ ከምዝለዎም እንተንገብር ጽቡቕ ነይሩ እብል።



መንእሰይ ሸዊት ጸጋይ

ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሃገርና ብዙሕ ግዜ ዕዶት ኣካይደ ኣለኹ። ኣብዚ ዘካየድክዎ ዕዶት ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ሓደ ካብቲ ሓደ ኣብሊጽካ ትርእዮ ኣይኮነን። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዕዶት ዝያዳ ኹሉ ንዓይ ዝመሰጠኒ ግና እዚ ኣብ ገርገራ ዝሰላሰል ዘሎ ንልምዓታውን ቱሪዝማውን መደባት ዘጠቓለለ ንነዊሕ ዝጠመተ ናይ ህንጻት መደባት'ዩ።

ከምቲ ኩልና እንፈልጦ ማይን ሓመደን ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ኣድለይቲ ንደቂ ሰባት'ዮም። ኣገደስቲ ወይ ወሰንቲ ስለ ዝኾኑ ኸኣ ክዕቀቡ'ዩ ዘለዎም። ስለ ዝኾነ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ ንምዕቃብ ማይን ሓመድን ቀዳምነት ሂቡ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ኣብዚ ናይ ሓደ መዓልቲ ዘካይድናዮ ዕዶት ብዓይንና ርኢናዮ ኣለና። እቲ ጽቡቕ ሸነኹ ድማ ኣብ ዘዝተመለስካሉ ማዕቢሉን ሓዱሽ ነገር ተወሲኹዋን ስለ ዝጸንሓካን'ዩ።

ነዚ ልምዓታዊ መደባት'ዚ ዘሰላስሉ ዘለዉ መንእሰይት ብምኳኖም ከኣ እምብዛ ትሕበን። እዞም መንእሰያት እዚኣቶም ነቲ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ስራሕ ውጽኢቱ ብግብሪ ይርእይዎ ስለ ዘለዉ ኸኣ ነቲ ስራሕ ንቕድሚት ዘንህር'ዩ ዝብል መረዳእታ ሒዘ'የ ካብዚ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕዶት ዝምለስ ዘለኹ።

ኣብ መወዳእታ እዚ ልምዓታዊ መዳባት'ዚ ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዙ ንምብጻሑ ተሳትፎ ናይ ኩላትና ከም ዘድልዮ ርዱእ ምኳኑ ፈሊጥና ኣኣብ ዘለናዮ ጽላታት ወይ ትካላት ብምኳን ንምዕባለ ሃገር ክንጽዕር እላቦ።

ርፖርታዥ

# “ቍጠባዊ ሓርነትና ዘውሕስ ናይ ልምዓት ንጥፈታት'ዩ ዝካየድ ዘሎ።” – መንእሰያት ደቂኣንስትዮ

መርሃዊ ታደሰ

ናብዚ ናይ ልምዓት ከባቢ ሎሚ ንመበል ራብዓይ ግዜ'የ ዝመጽእ ዘለኹ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዕዶተይ ርእየያ ዘይፈልጥ ትካል ከኣ ኣብ ሓልሓለ ተደኩና ትርከብ ናይ ኣዜብ ትካል ንዓይ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዕለት ዝተወሰኸትኒ ሓንቲ ሓዳስ ትካል ጸባን ውጽኢት ጸባን ነይራ።

ኣብ ሓጺር ግዜ ናብዚ ናይ ልምዓት ቦታ ኣብ ዝተማላለስኩሉ ኩሉ ግዜ ሓድሽ ነገራት ተወሲኹ'ዩ ዝጸንሓኒ። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ እዚ ናይ ልምዓታዊ መደባት ጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል ኢና።

ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ገርገራ ከይተዛዘመ ዝጸንሐ ዕዮ ሎሚ ምሉእ ብምሉእ ተዛዚሙ'ዩ ጸኒሑኒ። ስለዚ ንዓይ ከም ምርያም ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝዝተማላልስኩሉ እዋን ርኡይ ዝኾነ ለውጢ'ዩ ዝጸንሓኒ ዘሎ።

ልዕሊ ዝኾነ ዘሕበነኒ ኸኣ ብዓቕሚ ናይ መንግስትን ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ፡ ማለት ብውሽጣዊ ዓቕምና ይስራሕ ምህላዉ፡ እሞ ድማ እቲ ዝበዝሐ ክፋሉ ብዓቕሚ ኤርትራዊ መንእሰይ ዝስራሕ ምህላዉ'ዩ። ኣብቲ ፈለማ ኣብቲ ናይ ተክኒክ ሞያ ዝነጥፉ ዝነበሩ መንእሰያት ውሑዳት'ዮም ነይሮም ክንብል ንኽእል። ኣብዚ ግዜ እዚ ግና ምስቲ ዘውሃብ ዘሎ ትምህርትን ስልጠናን ብዙሓትን ኣድማዕትን መንእሰያት'ዮም ኣብዚ ናይ ልምዓታዊ መደባት እጃሞም ዘበርክቱ ዘለዉ።



መንእሰይ ምርያም ዮሴፍ

ብሓፈሻ ኣብዚ ዕዶት ዝረኣኹዎ ኩሉ ኣደናቕን ሰሓብን'ዩ። ብፍሉይ እዚ'ዩ ቀንዲ ስሒቡኒ ክብለካ ኣይክእልን'የ። እንታይ ደኣ ንዓይ ብቐንዱ እቲ ንውሕስነት ጥጡሕ መነባብሮ ዝካየድ ዘሎ ድምር ወፍሪ'ዩ መሲጡኒ። ምኽንያቱ ምኽዛን ማይ ወይ ማይ ምህላው ማለት ምርግጋጽ ሕቶ ናይ ምንባር ማለት'ዩ። ማይ እቲ እንኮ መሰረት ናይ ኩሉ ነገራት'ዩ። ክትበልዕ፡ ክትሰቲ፡ ክትሃንጽ፡ ኮታስ ኩሉ ነገራት ከተካይድ ማይ ክህልወካ ኣለዎ። እዚ ቀጠባዊ ሓርነትና ዘውሕስ ድምርማር ንጥፈት'ዩ ኸኣ ንዓይ ተደማሚሩ ስሒቡኒ ዘሎ።

ኣብዛ ናይ ሎሚ ዕዶት ንሕና እተን ብዕድመ ዝነኣሰና መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ኢና ነይርና። እተን ምሳና ዝነበራ ደቂኣንስትዮ ብዙሕ ተመክሮ ናይ ስራሕን ናይ ህይወትን ዝነበረን ደቂኣንስትዮ እየን ነይረን።

ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጣ ውፉያት ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ነይረን። ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተዋጻኣ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ኮይነን ዝሰርሓ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ'ውን ነይረን፡ ኣብዚ ሕጂ ንሕና ብዘይካ ኣብዚ ዕዶት ምስኣተን እውን ስለ ዝቐነና ከም መንእሰያት መጠን ጽቡቕ ተመኩሮ ቀሲምና ኢና። ሓደ ካብዚ ናታተን ተመኩሮ ዝተማሃርናዮ ኣብ ዓድና ዝሓሸን ከም መንእሰያት መጠን ክንጋላበጠሉ እንኽእልን ዕድላት ከም ዘለና ፈሊጥና ማለት'ዩ።

ኣብ መወዳእታ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብዛ ሃገር እዞም ኣብ ከተማ ጥራሕ ኮለል ክንብል እንውዕል መንእሰያት ዘይንርእዮ ብዙሕ ኣደናቒ ንነዊሕ ዝጠመተ ስራሕ ይስራሕ ምህላዉ ክገልጽ እፈቱ። ስለዚ ኣብ ከባቢና እንታይ ይስራሕ ኣሎ ኣብ ሃገርናኸ እንታይ ይሰላሰል ኣሎ ክንፈልጥ ፈሊጥና ኸኣ እጃምና ክነበርክት እላቦ።



መንእሰይ ሶልያና ደበሳይ

ኣብዚ ናይ ልምዓት ቦታታት ሕጂ ንኻልኣይ ግዜ'የ በጺሐ ዘለኹ። ፈለማ ዳርጋ ኣብ ምጅማር እንከሎ'የ መጺአ ነይረ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዕዶት ከኣ ተጀሚሩ ዝነበረ ተዛዚሙ፡ ብሓፈሻ ብዙሕ ምዕባለታትን ለውጥታትን ደስ ዘብል ጥበብ ዝሓለፎ ቅርጻታትን'ውን ተዓዚበሉ።

ኣብዚ ዕዶት ብዙሕ ዝሰሓበኒ ነገራት ኣሎ። ሓደ ብዓብዩ ብውሽጣዊ ዓቕምና ይስራሕ ምህላዉ፡ ብቐንዱ ኸኣ ጽቡቕ ገስጋስ የርኢ ብምህላዉ፡ ብፍላይ ከኣ በቲ ኣብቲ ቦታ ብኽኢላታት ብዛዕባ ዕልማታት ናይቲ ስራሕ ዝተዋህበና መግለጺ ምስ ሰማዕኩ ኣመና'የ ተሓጉሰ፡ ከም መንእሰይ መጠን ከኣ ደስ ኢሉኒ።

ኣብዚ ዕዶት'ዚ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ምሳና ነይረን'የን። ከም ኣካል ናይቲ ዕዶት ከኣ ሕድሕዳዊ ተመኩሮ ተለዋዊጥና። ኣብዚ ኸኣ እቲ ዘለና ዝሕብን ናይ ኤርትራውነት ባህሪ፡ ናይ ዘይምሕላል ባህሊ፡ ናይ ምኽብባር ባህሊ፡ ማዕረ ክንደይ ከም ዘዐወተናን ክንዕቅቦ ከም ዘለናን፡ ከም መንእሰያት መጠን ከኣ ንነዊሕ ዝጠመተ ራኢ ክህልወና ከም ዘለዎን ቀሲምና'የ ዝብል።

እዘን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ እጃመን ዘበርክታ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ ኣባና ዘለወን እምንቶ ልዑል ምኳኑ፡ ንሕና እዘን ሕጂ መንእሰያት ዘለና ደቂኣንስትዮ ድማ ተካእተን ምኳንና ኣብ ዕላማና ጸኒዕና ኣበርቲዕና ክንሰርሕ፡ ንዝመጸእ ዝኾነ ይኹን ተጻብኦታት ክንብድህ ከም ዘለና ስለ ዝገለጻልና ኸኣ እዚ ዝተኻየደ ዕዶት ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰከምና ዕዶት ነይሩ ክብል እኽእል።

ካልእ እዚ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንመጻኢ ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድል ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዝፈጥር'ዩ። ኣብ ዕዶትና ኣብ ሓደ ናይ ብሕቲ ትካል ብሓንቲ ኣዜብ ትብሃል ጓል ኣንስተይቲ ዝውነን ወይ ዝካየድ ትካል ጸባን ውጽኢት ጸባን'ውን በጺሕና ነይርና። ኣዜብ ዝሃበትና ናይ ስራሕ ተመኩሮ'ውን ንዓና ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ካብዚ ኸኣ ኣብ ሃገርና ማዕረ ክንደይ ዓበይቲ ናይ ስራሕ ዕድላት ክፍጠር ከም ዝኽእል ተማሂርና ማለት'ዩ።

ኣብ መዛዘሚ መንእሰይ ንነብሱ ኮይኑ ንሕብረተሰቡ ክኸውን፡ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ከኣ መንእሰያት ብኣካል ከይዶም ክዕዘብዎን ካብቲ ልምዓታዊ መደባት ክጠቕሞም ዝኽእል ብዙሕ ነገራት ስለ ዘሎ ኸኣ ዝያዳ ክኸስቡን ፍልጠት ክድልቡን እንተደኣ ኽኢሎም ጽቡቕ'ዩ እብል።



# ልቢ-ወለድ

ጆሚ/ደጆን ተኽለ

ሻሙናይ ክፋል

# ቀስቲ ሳሮን

ክልቲኦም ፍቑራት ኣብቲ ብዙተፈላለየ ሕብሪ መብራህቲ ወቒቡ ዝጸበረ ጉደና ሓርነት ሰተ ብራኾ ተተሓሒዞም ሸናዕ ይብሉ ነበሩ። ጉደና ሓርነት ኣብ ርእሲ'ቲ ዝጸበራ ግርማ ግርማ ወሲኻ ዝተሓጸየት መርዓት መሲላ ትርአ ነበረት። ድሮ ሓድሽ ዓመት ስለ ዝጸበረ፡ ነታ ሓዳስ ዕለት ንምጽምባል ኣብቲ ጉደና ጽዑቕ ምንቅስቓስ ይረአ ነበረ። ክልቲኦም ፍቑራት ብዘይ ዘረባ'የም ኣብቲ ክድረሩ ዝመደብዎ ኣዱሊስ ክሉብ ኣትዮም።

ሳሮን፡ ኣፍቃሪኣ ሄኖስ ስለ ዘገደዳ'ምበር፡ እዛ ዕለት ምስ ማቲዎሳ ብድሙቕ ንምጽምባላ ቆጸራ ሒዞም'ዮም ቀጸዮም ነይሮም። ስለዚ፡ ድማ፡ ማቲዎሳ እንተ ደዊሉላ እንታይ ኢላ ከም ተመኽንዮ ክትሓስብ ኣብ ወጥሪ ኣትያ ነበረት። ፍርሓ ብውሽጣ ከይንጸብ ስለ ዝሰገኣት ድማ፡ "ፍቕረይ! ኣነ ደኣ ጽልእ ኢሉኒ ስለ ዝወዓለ እኳ'ዩ፡ በጃኻ ጽባሕ ንግበር ኢልካ!" በለት ክምስ እናበለት።

ሄኖስ፡ እንታይ ኢሉ ክምልስ ክሓስብ ዝደለየ ክመስል ኣዒንቱ ናብ ናሕሲ ናይቲ ቤት ለኣኸን። ድሕሪ ዝተወሰነ ካልኢት ቀላሕቲቱ መለሰ፡ "ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን ሳሮነይ" ኢሉ የማነይቲ ኢዱ ኣብ ኢዳ ድሕሪ ምስዓደ፡ "ዓሚ ከምዚ ሎሚ! ኣብዚ ቦታ ዝኣተናዮ መብጽዓ ፍቕሪ ክንዝክር ስለዝደልኹ'የ ሎሚ ክትከውን ደልየያ። ብዘይቀልዓለም፡ ኣብ ልበይ ከማኺ ገይራ ሰፊሕ ስፍራ ዘለዋ ሰብ የላን። ከማኺ ገይራ'ውን ብፍቕርን ሞራልን ዝሓቡሓበትኒ ሰብ የላን" ኢሉ ዘረብኡ ከይወድአ ኣሳዕቤት ክትሰምዖም ስለ ዝመጸት ዘረብኡ ኣቋረጸ።

ምስ ማቲዎሳ ኣብ እትሳለ ባህርያት ኣፍቃሪኣ ፍሉይ ለውጢ ከምጸአ ተዓዚቡትሉ'ያ። 'ናይ ዓሚ ዘረባ ኣይኮነን ናይ ሰዓታት ዘረባ ዝርስዕ ዝጸበረ ደኣ፡ እንታይ ሓሰቡ ናይ ዓሚ መብጽዓ ዘኪርዎ?' በለት ብውሽጣ እናተገረመት። "ከምቲ ንሰኻ ኣብ ጉድነይ ደው ዝበልካዮ፡ ኣነ'ውን ኣብ ጉድንኻ'የ ደው ኢለ'ምበር፡ ፍሉይ ነገር ዝገበርኩልካ የብለይን" በለት ናይ ማቲዎሳ ዘኪሩ ናብ ካልእ ኣርእስቲ ምእንቲ ከይሰግር'ምበር፡ ልዕሊ ኑብሳ ከም ዝተሽናኸሉዩስ ኣጸቢቓ ትፈልጥ'ያ።

"ፍቕረይ፡ ብህይወት እንክለኹ ኣብ ጸላም ህይወት ዝኑበር ዝነበርኩ ሰብ እኳ'የ ነይረ። ሳላኺ ግና፡ እነኹ ዓለመይ በሪሃ ብዙሰፉ ይኑበር ኣለኹ። መከራና ከውዳእ ኢሉዎ ፈጣሪ ድማ፡ ሓደ ስቡሕ ጐቲቱ ኣምጺኡልና ኣሎ። ሕጂ ከመይ ገይርና ኣብዚ ሰብ እዚ ረቢሕና ህይወትና ንቕይር ጥራይ ንሕሰብ። መብጽዓና'ውን እንተ'ኹኑ ኣብዛ ንኣትዋ ዘለና ሓዳስ ዓመት፡ ኣብዚ ዘለናዮ ህይወት ወጺና ኪዳን ክንምስርት'ዩ ነይሩ - ዋላ'ኳ ሕልምና ንምሰማር መንገዲ ከይጸረግና፡ እዛ ዓመት ከም ዋዛ ዋዛ ደቦኽ እንተበለት። ንኹሉ ንጉድኒ ገዲፍና ኪዳን ቅድሚ ምምስራትና ዕላማና ክንወቅዕ ኣለና። ዛሕሊ ኣየድልን'ዩ። ቅርብን ምንጥልን ኣብ ሓንቲ ካልኢት ኣኹትተኖን ፍቕረይ" በለ ኣብ ሕልሙ ፈጢሩዎ ዘሎ ሃብታም ናይ ምኻን ሕልሚ እናተሳእለ።

"ህዉኽ ዝብኢ ቀርኒ ይሕዝ' ይብሉ ክምስሉ ኣቦታትና። ኣብ ልበይ ዓቢ ቦታ ከም ዘለካ ፈጺምካ ኣይትጠራጠር። ምስ ማቲዎሳ ስለ ዝቐረበኩ፡ ሓፍ ኣቢለ ገዚዙብ ከምጽኣልካ ከኣ ኣይትድለ። ንሱ'ውን እኮ ከማና ዝሓሰብ ሰብ'ዩ። ስለዚ፡ ንሕና ጥራይ ንተዓጻጸፍ ኣይምሰልካ። ገዚዙ ኣውጺኡ ክህበኒ እንክሎ፡ ስለምንታይ ይህበኒ ኣሎ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ'ዩ። ዕላማ ዘይብሉ ሰቕ ኢሉ ወጻኢታት ዝኑብረልካ ሰብ ውሑድ'ዩ። ዝጠዘሐ ሰብ እንተ ኣውጺኡልካ ኣብ መውዓእትኡ ክጸባጸበካ ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ፡ ኑቲ ዘድልየና ብሓደ መዓልቲ ግሕጥ ኣቢለ ከምጽኦ ኣይትጸበ። እቲ መብጽዓ ፍቕርና ኣብ ቦትኡ ኣሎ" በለት ንረብሓ ጥራይ ምሕሳቡ እናተሓሳሰበ።

ብመልሲ ኣፍቃሪቱ ፈጺሙ ኣይተሓጎሰን። ሕርቃኑ ከርእያ ግን ኣይደለየን። ኢሎን ዓርኩ፡ 'ዓላማኻ ክሳብ ትወቅዕ ሕርቃንካ ክትቆጻጸር ኣለካ' ዝበሎ ቃል ዘኪሩ ንኽምስል ክምስምስ በለ። "ኣፍቃሪ ህዉኽ'ዩ" ብምባል ሰሓቕ፡ ንሳ'ውን ኣሰዕቦቶ። ኣብ መንጎ ሰሓቕም ኣሳዕቤት ዝኣዘዝዎ መግቢ ሒዛ ደቦኽ በለት።

ዝኣዘዝዎ መግቢ ከይተቛደሱ እታ ኣብ ቦርሳ ሳሮን ዝጸበረት ሞባይል ድምጺ ደወል ኣስመዐት። ሳሮን ሰሚዓ ከም ዘይሰምዐት ኣሰቂጣ ውራይ ድራራ ገበረት። እንተ'ኹኑ ተርባጽ ውሽጣ ከይሃድአ ዳግማይ ተደወለት። ሕጂ'ውን ብዘይካ ምስቃጥ መልሰ-ግብሪ ኣይሃበትን። እቲ ምድዋል እናበዘሐ ምስ መጸ ግና፡ እቲ ዓቕሊ ገይሩ ክዕዙብ ዝጸንሐ ኣፍቃሪኣ፡ "ዘይትቕበልዮ?" በለ ሕርቃኑ ብውሽጡ ቀቢሩ።

* * *

ማቲዎሳ፡ በቲ ኩነታት ተገሪሙ ርእሱ ነቕነቐ። እዛ ዕለት ምስ ዓርኩ ኣብ ዝሓለ ኣብኡ ተፈልዩ ኣሕሊፉዋ ዝፈልጥ ኣይነበረን። ሎሚ ግን ንሳሮን ስለ ዝረኸበ ምስኣ ክሕልፎ ተሃንጊዩ ንዓርኩ ከም ዘይጥዕሞ'ዩ ሓቢሩዎ። 'እዛ ጓል እንታይ ረኺቡዋ ዘይኣመላ ገይራ። ምኳን ፈጣሪ ከኣ ዓይኒ'ኮ ኣለዎ። ንዓርከይ ሓሰየ ክስልጠኒ እንደየ ሓሰበ' ብምባል ነታ ኣብ ኢዱ ዝጸበረት ሞባይሉ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸበረ ጠረጴዛ ሰው ኣበላ። ኣብ ኮፍ ዝበሎ ብድድ ኢሉ 'ዓሕ!' በለ። 'እዛ ለይቲ እዚኣ ብዘይ ብኣኽስ ኣይትወግሕን'ያ' በለ ኢዱ ናብቲ ክትሕገሶሉ ኢሉ ዝሸማመተላ ህያብት እናሰደደ። 'ኣነ ንዓኺ ከሐገስ ዕረፍቲ ዘይብለይ ወዲሊስ ንሰኺ ኸኣ ቴሌፎን ምቕባል ክትኣብይኒ' በለ ብሕርቃን ንድድ ኢሉ። ውሽጡ ክቐስን ስለ ዘይከኣለ ሞባይሉ ብምልዓል ዳግማይ ክድውል ተዳለወ። እንተ'ኹኑ መጠወቒ መልጉም ንምጥዋቕ ድፍር ኣይበለን። ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ርእሱ ብምድናን ኣብ ትካዘ ተሸመ። 'እዛ ጓል እንታይ ደኣ ዘይኣመላ ባህሪ ተርእየኒ ኣላ?' በለ ብውሽጡ ዕብድብድ ኣትዩዎ ኣብቲ ክፍሊ ናብትን ናብትን እናተንቀሳቐሰ፡ 'ዓርከይ ዝበሎስ ግዲ ሓቂ ክኸውን'ዩ። ኣይትውዕሎን'ባ ትኸውን' በለ ኑቲ ኣብ ሓሳቡ ዝተቐላቐለ ሕማቕ ሓሳብ ዕድል ክህብ ስለዘይደለየ።

* * *

ሄኖስ፡ "ፍቕረይ፡ ኣይበላዕክን። በሊ እዚኣ ተቐበልኒ" በለ ንክኾልሳ ኢዱ ሰዲዱ።

ሳሮን፡ "በጃኻ! ይኣኽለኒ" በለት ገጻ እሰር ኣቢላ። ቀልጢፉ እቲ መኣዲ ክለዓል'ሞ ኢዳ ክትሕጸብ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ምስ ከደት፡ ንማቲዎሳ ደዊላ እንታይ ኢላ ከም ተመኸንዮሉ ጥራይ'ዩ ነይሩ ሓሳባ።

"ይኣኽለኒ ካብ በልኪ ደኣሞ ኣነ'ውን ይኣኽለኒ'ዩ" በለ።

ኑቲ ኣብ ቅድሚኦም ተቐሪቡ ዝጸበረ መግቢ ብዘይካ ጥዕም ጥዕም ከይበለዕዎ ክለዓልን ዳግማይ ሞባይላ ክትድውልን ሓደ ኮኑ።

"በጃኺ ተቐበልያ!" በለ ሄኖስ ካብ ሰክፍታ ንኽገላግላ ድማ፡ ኢዱ ክሕጸብ ተንሰአ።

ሳሮን ምስ ደወል ሞባይላ ልባ ቦግ ኢላ ብሰንባደ። ብሸበድበድ ሞባይላ ካብ ቦርስኣ ብምውጻእ ስም ደዋሊ ምስ ረኣየት፡ ንካልኢታት ዝኸውን ድሕሪ ምግባል፡ "ሄለው ማቲዎሳ ከመይ ኣምሲኻ?" በለት ህድእ ኢላ።

ማቲዎሳ፡ ድምጺ ሳሮን ምስ ሰምዐ ኣብ ውሽጡ ተዘሪኡ ዝጸንሐ ፍርሒ ንእለት ንፋስ ከም ዝወሰዶ ደሮና፡ ፍርሑ ብሓጎስ ክምላእ ግዜ ኣይወሰደሉን። "ምቕርተይ፡ ሞባይልኪ ደኣ ኣበይ ኢኺ ደርቢ'ኽያ ኬድኪ ጸኒሕኪ? ክንደይ ግዜ'ኳ ደዊለ?" በለ።

"ምቁረይ፡ ኣብ ቦርሳይ'ምበር ጸኒሓ። ሓንቲ መሓዛይ ገዛ ጸቢቓይ ኣብ ገዛ ሃንደበት መጺኣትንስ ሻሂ ክንሰቲ ወጺእና። ኣብ ገዛ ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ምጻኒ" በለቶ። ከምቲ ለቢሳቶ ዝጸበረት ኩናን ገይራ ንማቲዎሳ ክትከዶ ባህ ኣይበላን። ምስ ማቲዎሳ ተፋንያ ሓሳባታ መዕረፊ ከይገበረትሉ ሄኖስ'ውን መንበር ስሒቡ ኮፍ በለ። "ፍቕረይ ኣይትኹረየኒ፡ ጽቡቕ የለኹን ንዓናይ ግዚይ ኣብጽሓኒ" በለት።

ሄኖስ፡ ዋላ'ኳ እቲ ሓሳብ ናይ ኣፍቃሪቱ ባህ እንተዘይበሎ፡ ንሓሳባ ኣፉ መሊኡ ክቃወም ግን ኣይመረጸን። 'እዚ ወዲ'ዚ እኳ ሃማን ቀልባን ሰሊቡ ኣዒንታ ናባይ ከም ዘየቋምታ ገይሩዋ። ቅሚይ ኩብስል ዝኣጉድክዎ ሓውስ መሕረሪፍቕረይኩይነ። እንታይ እንተ'ገበርኩ ደኣ'ዩ ዝሓይሽ' ብምባል ብውሽጡ ንኑበሱ ብሕቶ ኣዋጠረ።

* * *

እቲ ለቢሳቶ ዝጸበረት ሓጺር ቀይሕ ዝሕብሩ ድርዕ ኣብ ርእሲ ዝጸበራ ግርማን ስሩዕ ቅርጺ ኣካላታን ኣብቲ ጸላም ከም ተንጸባርቕ ዑንቂ ኣምሲሉዋ ነበረ። ለይለይ ቁመታ ከም ህዱእ ንፋስ ዘንቀሳቕሶ ዘሎ ኦም የማን ጸጋም እናወዛወዘት፡ ናብቲ ማኪና ማቲዎሳ ደው ኢላቶ ዝጸበረት ሰግር ጽርግያ ሰገረት።

ማቲዎሳ፡ በቲ ሃሳስ ናይ ጉደና ብርሃን ተሓጊዙ ዝርእዮ ዝጸበረ ጸባቐ ሳሮን ቀልቡ ተሰልበ፡ 'ኣቤት ግርማ! ከመይ ዝበለት ፍጥረት'ያ ወደይ እዚኣ' በለ ድማ ብውሽጡ። ኣብ ውሽጢ ማኪናኡ ምስ ኣተወት፡ ምስቲ ተነሲሖቶ ዝመጸት ጥዑም ጨና ተደሚሩ ልቡ ሰማይ ተሰቕለት።

ሳሮን፡ "መኽሰብ ኣሻቒለካዶ?" በለት ኢዳ ንሰላምታ ሰዲዳ ረጉድ ቀይሕ ቀለም ዝተለኽየ ከንፈራ ናብ ምዕጉርቱ እናሰዓመት።

"ዋውው! ብምባል ኣድናቖቱ ገለጸ። "እምበርዶ ናይ ብሓቂ ሰብ ኢኺ? ኣቦር ዝበሃል ዘይብልኪ። ዓለም ኩሉ ህያባ ናጊኺ'ያ ደርቢያቶ" በለ ኢዱ ናብ ኣጻብዓ እናሰደደ።

ቅድሚ ዘረባ ሰሓቕ ዝቐደማ ሳሮን፡ "ናትካ ኣዒንቲ ብዘይካ ጽቡቕ ሕማቕ ኣይርእያን'የን። መልሓስካ'ውን እንተ'ኹኑት፡ ብዘይካ ጥዑም ቃላት ሕማቕ ኣይወጻን'ዩ። ኩሎም ኣውዳት ከማኻ ክኾኑ ነይሩዎም" ብምባል ንሳ'ውን ኣብ ልዕሊኡ ዘለዋ ኣድናቖት ገለጸት።

"ሕጂ ናበይ ኢና?" ሞተር ማኪና እናወልዐ።

"ናብ ዝወሰድካኒ" በለት ብገዋ ዓይና እናጠመተት ምርጫኻ ምርጫይ'ዩ ብዘሰምዕ ቃና።

ኣብ ጸጋማይ ኢዱ ዝጸበረት ሰዓት ድሕሪ ምዕዛብ፡ "ሕጂ ድሮ ፍርቂ ለይቲ ቀሪቡ'ዩ። ኣብ ገዛ ድራር ሰሪሐ ስለዘለኹ ቅድም ገዛ ኬድና ንደረር ብድሕሪኡ ዝኸነ ጋዕ" በለ።

ሳሮን ብዘይካ ክምስታ መልሲ ኣይሃበትን። ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ብቐጥታ ድማ፡ ናብቲ በይኑ ተኻርዩ ዝኑበሮ ኣብ ገዛ ጣንዳ ዝርከብ ቤቱ ኣምርሑ። ኣብቲ ቤት እትው ምስ በሉ ሳሮን እቲ ንኹብራ ብዕንባባታት ወቒቡ ዝጸንሓ ምድራቤት ርእያ ብሓጎስ ፍንጭሕ በለት። ሓጎሳ ምቁጽጻር ስኢና ድማ፡ ኣብ ክሳዱ ብዘይ ዘረባ ጥምጥም በለት።

"ፍቕረይ፡ ከማኺ ንትንፋሰካ ተሓድስ ኣይተፈጥረትን" ብምባል ሕቖፍ ኣቢሉ ሓፍ ብምባል ኣብ ሳሎን ኮፍ ኣበላ። ንሱ ድማ፡ ኣብ ጉድና ኮፍ በለ። ካብቲ ኣብ ጠረጴዛ ኣዳልይዎ ዝጸበረ ሬድ ለቨል ንክልቲኦም ቀድሐ። ፍቕሪ ፍቕሪ እናሸተቱ ድማ፡ ቸርስ ተበሃሂሎም ብሓባር መዓገ።

"ከማኻ የለን እናስሓቐካስ ኣብ ዓሚቝ ፍቕሪ ኣጥሒልካኒ። ልበይ ኣብ ልብኻ ከምዝን ናይ እዝከይ ስቕሬን ተሰቕራ'ያ። ጉደና ንጹህ ፍቕሪ መሪሕካ ተንሳፊፈኒ ስለ ዘለኹ፡ ህይወተይ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ሓጐስ ኢኻ ኣርኢኻኒ" በለት ድሙቕ ፍሽኽታ ፈንያ።

"ድምቀት ፍሽኽታኺ መናድቕ ልበይ ፈንጢሱ ብዘይካኺ ንኻልእ ከም ዘይርኢ'የ ኩይነ ዘለኹ። ጣዕሚ ፍቕሪ ኣዕቢዱኒ'ዩ" ኢሉ ዘረብኡ ከይወድአ ኣስመራ ብድምጺ ንሓድሽ ዓመት ዘበስር ርሽታት ኣንጎድጎደት። "ዋውው!" ብምባል ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝጸበረ ብስምዒት ብምትንሳእ ናብቲ ንዓኣ ኢሉ ኣብቲ መደቀሲ ክፍሉ ኣዳልይዎ ዝጸበረ ህያብ ንምምጻእ ሰጉመ። ኑቲ ሒዝዎ ዝመጸ ህያብ ኣብቲ ጠረጴዛ ድሕሪ ምቕማጥ ኣብ ጉድና ኮፍ በለ። "ፍቕረይ፡ እዚ ናይ ሓድሽ ዓመት'ዩ። ኣጣኺ ዘለኒ ፍቕሪ ዝዕቅን መሳርሒ የለን። ከም ምልክት መግለጺ ፍቕረይ ግን እዛ ፕሮሚስ ሪንግ ተቐበልኒ" ብምባል ካብ ኣልማዝ ዝተሰርሐት ካትም ኣብ ኣጻብዕቲ ኢዳ ብምስኳዕ ኣጻብዓ ሰዓሙ።




ይቕጽል . . .

# ተርሙማ

ሃብቶም ኢዮብ

## ቀኣጽሪ




ንሎሚ ክልተ ተመሳሰልቲ ሕቶታት ቀሪበን ኣለዋ። ዓይነተን ቀጽሪ ሓዘለይ ኩይኑ ከምቲ ኩሉ ግዜ እንላበዎ ንቅድም ባዕልኹም ክትሰርሕዎ ፈትኑ። ምስ ፈተኹሞ መልሲ ረኣዩ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ደጊምኩም ተለማመድዎ።

1) ሓደ ቑጽሪ ሓዘለይ፥

- ነቲ ቑጽሪ ዕጸፌ ግበርዎ።
- ነቲ ዝረኸብኩሞ ቑጽሪ 15 ወሰኹሉ።
- 15 ድሕሪ ምድማርኩም ብ3 ኣርብሑ
- ነቲ ብ3 ኣርቢሕኩም ዝረኸብኩሞ መልሲ 33 ደምሩሉ።
- ነቲ 33 ምስ ደመርኩም ዝረኸብኩሞ ወጽኢት ንፍ ምቐልዎ።
- ኣብ መወዳእታ ነቲ ንፍ ምስ መቐልኩም ዝመጸልኩም ቀጽሪ እቲ ፈለማ ዝሓሰብኩሞ ቑጽሪ ኣጉድሉሉ።
- መልሰኹም 13 እንተ ዘይኩይኑ ተጋጊኹም ኣለኹም

2) ዕድመኹም ኣብ ወረቐት ጹሓፉዎ።

- ብሓደ ሕምሲት ናይ ሚእቲ ኣርብሕዎ
- ናይ ሎሚ ዕለት ደምሩሉ (ቀዳም ዕለት 10 ስለ ዝኾነ 10 ደምሩሉ)
- ነቲ ዝመጸልኩም ቀጽሪ ብ20 ሚእታዊት ናይ 25 ኣርብሕዎ።
- ቀጽሪ ጫማኹም ደምሩሉ
- ኣብ መወዳእታ ሓሙሽተ ዕጸፌ ናይ ሎሚ ዕለት ኣጉድሉ (ሓሙሽተ ዕጸፌ ናይ 10)

መልሰኹም ከንደይ መጺኡልኩም?

ካብቲ ዝመጸልኩም መልሲ እተን ቀዳሞት ክልተ ቀጽርታት ዕድመኹም፡ እተን ምስኣን ለገበን ዘለዋ ኽልተ ቑጽርታት ደማ ቀጽሪ ጫማኹም`የን።

መረዳእታ፦

ዕድመኹም 15 እዩ ንበል። ቀጽሪ ጫማኹም ደማ 25 ንበሎ። ኣብ መወዳእታ እንረኽቦ መልሲ 1525 ክኸውን ኣለዎ። ዕድመን ቀጽሪ ጫማን ዝመልክት ቀጽሪ!

- ዕድመ 10 እዩ።
- ሓደ ሕምሲት ማለት 1 ኣብ ልዕሊ 5 ማለት`ዩ። ሓደ ሕምሲት ናይ ሚእቲ ንምፍላጥ፡ 1/5 X 100 = 20 እዩ። ስለዚ ዕድመ ብ20 (ሓደ ሕምሲት ናይ ሚእቲ) ኣርቢሑ፡ 20 x 15 = 300
- ናይ ሎሚ ዕለት ንደምረሉ። 300 + 10 = 310 (ሎሚ ቐዳም ዕለት 10 ስለ ዝኾነ)
- ነቲ ዝመጸልና ቑጽሪ ብ20 ሚእታዊት ናይ 25 ኣርቢሓዮ። 20 ሚእታዊት ናይ 25 ማለት 20/100 ምስ 25 ምርባሕ ማለት`ዩ። 20/100 X 25 = 1/5 X 25 = 5 ስለዚ 20 ሚእታዊት ናይ 25 ማለት 5 እዩ። ስለዚ 310 ብ5 ኣርቢሓዮ። 310 x 5 = 1550
- ሕጂ ቀጽሪ ጫማኹም ደምርሉ። ቀጽሪ ጫማ ኣቐዲምና 25 ኢልናዮ ነይርና። ስለዚ 1550 + 25 = 1575
- ሓሙሽተ ዕጸፌ ናይ ሎሚ ዕለት ነጉድለሉ። እዚ ማለት ንናይ ሎሚ ዕለት ብሓሙሽተ ምስ ኣርባሕና ካብቲ ዝመጸልና ቀጽሪ ነጉድል። 5 x 10 = 50 ስለዚ ካብ 1575 እንጉድሎ 50 ክኸውን`ዩ። 1575 – 50 = 1525
- እቲ ዝመጸልና መልሲ 1525 እዩ። እተን ቀዳሞት ክልተ ቑጽርታት ዕድመ የመልክታ። እተን ዳሕረዎት ክልተ ደማ ቀጽሪ ጫማ የመልክታ።

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

እዛ እተመሳቐለ ቃላት መልሲ ናይ ዝሓለፈ ቐዳም ዝቐረበ ሕቶ`ዩ። ኣዳላዊኣ ደማ መምህር የናስ ብርሃነ ካብ ቤት ሳብሪና መዋእል ህጻናት ከም ዝኾነ ክንሕብር ንፈቱ።

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 ሰ | ገ | 2 ን | | 3 ት | ሰ | 4 ር | 5 ሕ | | |
| ነ | | 6 ሀ | ል | ኽ | | 7 ሻ | ም | ብ | 8 ቆ |
| | 9 ል | ቢ | | | 10 ሳ | ን | ቶ | | ፎ |
| 11 ላ | ኻ | | 12 ሰ | ላ | ም | | | 13 ዕ | |
| | 14 ይ | ብ | ል | | ና | | 15 መ | ረ | ብ |
| 16 ዓ | | | 17 ፋ | 18 ና | | 19 ባ | ሰ | | |
| ጽ | | 20 ቲ | | ተ | | ት | | 21 ሰ | 22 ዓ |
| 23 ሚ | እ | ቲ | | ይ | | | 24 ግ | ጥ | ሚ |

# እቲ ዓሻ ዓጋዜን



ኣብቲ ቀደም እዋን ሓደ ንብዩኑ ዘወን ዝብል ዝበረ ዓጋዜን ነበረ ይብሃል። እዚ ብጽምዋ ተዋሒጡ ንብዩኑ ዝሹልል ዝበረ ዓጋዜን ዝቕመጠሉ ዝበረ ብሰዕሪ እተሸፈነ ምቹእ ቦታዩ ነይሩ።

እዚ ዓጋዜን ሓደ መዓልቲ ናብ ሩባ ይኸይልኩም። ማይ ክሰቲ ድግን ምስ በለ ምስሊ ናይ ኑቡሱ ርእዩ። ተቐዳዲሙ ኸኣ ነተን ጸቡቓትን ነዋሕትን ኣቕርንቱ ተመልከተን። ኣቕርንቱ ኣመና ጸቡቓት ብምንባረን መጠኑ ዝሓለፈ ኩርዓት ክስምዖ ጀመረ። ስለዚ ኸኣ "ኦ ፈጣሪ ዓለም ዝበን ጸቡቓት ኣቕርንቲ ዝሃብካኒ ኣመስግነካ" እናበለ እናተሓገሰ ኣመስገነ።

እቲ ዓጋዜን ኣዝዩ ስለ እተሓጎሰ ንመላእ ኣካላቱ ኣቲኩሩ ጠመየ። እቲ ማይ ኣዝዩ ጽሩይን ህዱእን ብምንባሩ ምስሉ ብንጹር ክርአዮ ከኣለ። ሃንደበት መሓውሩ (እእጋሩን ኢእዳዉን) ምስ ረአየ ኣዝዩ ሰንበደ። ምኽንያቱ ንምርአየን ባህ ዘየብለ ክፉኣት እየን ዝበራ። በዚ ምኽንያት ከኣ ክቶጻጸሮ ዘይክእል ሕርቃን ተሰምዖ። "ኢታ ፈጣሪ እንታይ ክትረክበ ኢኻ ዝበን ክፉኣት መሓውር ዝሃብካኒ" እናበለ ንፈጣሪኡ ኣማረረ። እቲ ዓሻ ዓጋዜን ፈጣሪ ንኹሉ ነገር ንጸቡቕ ኢሉ ከም ዝፈጠሮ ኣየስተውዓለን። ዝ ብዘይ ምስትውዓሉ ከኣ ክፉኣት ኣእጋር ተዓዲለ እናበለ ኣምሪሩ በኸዩ።

ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢሉ እናበኸየ እንከሎ ሃንደበት ብድሕሪኡ ዘፍርሖ ድምጺ ሰምዐ። እቲ ድምጺ እናቐረበ ስለ ዝመጸ ዲጉዲግ ዝብል ድምጺ ኣእጋር ተሓዊስዎ ብንጹር ይሰምዕ ነበረ። እቲ ዓጋዜን ክሳዱ ጠውዩ ንድሕሪት ቁሊሕ እንተበለ ኣኽላባት ዝሓዙ ሃደንቲ ዓጋዜን ርእዩ፡ፍርሒ ዝኣክል ልቡ ክትትክስ ደልያ። ኑቡሱ ንኽድሕን ደማ ንሱም ከየረኣዩዎ ህድማ ተተሓሓዘ። ንሱ ክሃድም ምስ ጀመረ እቶም ሃደንቲ ርእዮሞ። ክርክብዎ ብምሕሳብ ደማ ናይ ዘለዎም ጎየዩ። እንተኾነ ዓጋዜን ኣዘዩን ፈጣናት መሓውር ስለ ዝበሮኦ ክርክብዎ ኣይከኣሉን። ዘለዎ ሓይሊ ተጠቒሙ ስለ ዝሃደመ ካብ ትርኢት ዓይኖም ፈጺሙ ተኸወለ። እቲ ዓጋዜን ብዑላ እተን ክፉኣት እናበለ ዝጸልአን ዝበረ መሓውሩ ህይወቱ ካብ ሞት ኣድሒነኦ።

ብድሕሪዚ እቶም ሃደንቲ ነቲ ዓጋዜን ከም ዘይረኽብዎ ኣሚኖም ቀሰ እናበሉ ክኸዱ ወሰኑ። እቲ ዓጋዜን'ውን ቀሰ ኢሉ ነይሩ። እንተኾነ ናህሩ እዩ ቀሊሉ እምበር ዘብዘብ ካብ ምግል ኣየዕረፈን። ብሓደ ዕመር ቦታ እናሓለፈ እንከሎ ኣቕርንቱ ብሓረግ ተታሕዙ። ስለዚ ከኣ ደው በለ። መገዱ መታን ክቕጽል ኢሉ ኣቕርንቱ እኳ እንተሰሓበን ኣይሰለጦን። ደጊሙ ደጊሙ ብዘለዎ ሓይሊ ንኣቕርንቱ ሰሓበን፡ ከምልጥ ግን ኣይከኣለን። ኣብ መወዳእታ ሓይሉ ጸንቂቑ ኣብ መሬት ረፊጥ ኢሉ ወደቐ።

እቶም ሃደንቲ ተሰሩ ቁሪጾም፡ ደኺሞም ቀሰይ እናበሉ ይጉዓዙ`ኳ እንተ ነበሩ ነቲ ዓጋዜን ግን ካብ ዝተፈንጠሮ ምንቓቕ ከይበለ ከሎ ኣርኪቦሞ። ሓሪዶም ከኣ ገዚይዝዩ ኣብሊዖም ወሰድዎ።

# ኣስናንን ግርጻንን

ኣስናናን ግርጻናን ቀጻሊ ክንክናኸናም ኣለና። ምኽንያቱ ጥዑያትን ድልዱላትን ኣስናን መግቢ ንምሕያኽን ምድቃቕን ኣድላይቲ ስለ ዝኾኑ። ኣስናንና እንተ ደኣ ተበላሽየም ማለት ምስ ዝሕሰኹ ወይ ዝበኽቡ`ኹ ክንጻወሮ ዘጸግም ብርቱዕ ቃንዛ ይፈጥሩ። ብተወሳኺ ግርጻንና ይቖስል እሞ ኣስናንና ከኣ ክረግፉ ይኽእሉ። ዛዓም ዝተጠቕሱ ሽግራት ኣስናንና ብጥበእ ብምክንኻን ከለወግዶም ንኽእል ኢና። ብጉድለት ጽርየት ዝመጽእ ምብልሻው ኣስናን ንኻልእ ክፍሊ ኣካላትና ከይተረፈ ዘጥቅዕ ሓደገኛ ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል። ክንገብሮ ካብ ዝግብኣና ጥንቃቐታት እምብኣር፦

1. ሽኮራዊ ነገር ከም ቃንጫ ሽኮር፡ ሻሂ፡ ፓስቲ፡ ሽኮር ምስ ቡን ምብላዕ ወይ ምስታይ ንሕ ስለ ዘመሻምሾ ከለዘውትሮ ኣየድልን። ጥዑይ፡ ጸባ ዝመስል ሲ ክህልወና እንተደለና ሽኮራዊ ነገር ኣይንልመድ።

2. ብሓፈሻኡ ኩሉ ግዜ ሽኮራዊ ነገር ምስ በላዕና ደማ ብፍላይ፡ ሰንና ግርም ገይርና ንመውጽ። እዚ ማለት ሰንና ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ንመውጽ። ካብ ጎኒ ናብ ጎኒ ፈጺምና ኣይንመውጽ።



# ሕንቅል ሕቅሉ.ቱይ

ሳባ - ሕንቅልቅንሊ.ተይ

ሳምያ - ሰናብ ሰናቢ.ተይ

ሳባ - ዓሰርተ ኽልተ ተዓዙቡቲ

ክልተ ሰለስተ ተጻወትቲ ፍለጥለይ

ሳምያ - ሰዓት`ያ። እቶም 12 ተዓዙቡቲ ካብ 1 ክሳብ 12 ዘለዉ ቑጽርታት`የም። እቶም ሰለስተ ተጻወትቲ ደማ ሰዓት፡ ደቒቕ፡ ካልኢት ዝቑጽራ ቀስቲታት`የን።

ሳባ - ንፍዕቲ መለሰኪዮ።

ሳምያ - ሕንቅል ሕንቅሊ.ተይ?

ሳባ - ሰናብ ሰናቢ.ተይ

ሳምያ - እታ ሓንቲ ንኺድ ንኺድ ትብል

እታ ሓንቲ ኾፍሕ ኾፍሕ ትብል

እታ ሓንቲ ደማ ዃል ዃልል ትብል ፍለጥለይ?

ሳባ - ኣይፈለጥክዋን

ሳምያ - ተደረረ ኢኺ ክትብልኒ ዘለኪ።

ሳባ - ሕራይ ተደረረ

ሳምያ - እታ ንኺድ ንኺድ ትብል ወሓዥ`ያ። እታ ኾፍሕ ኾፍሕ ትብል ሳዕሪ ሮማዲ`ያ። እታ ዃልል ዃልል ትብል ደማ ልኻይ ኢያ።

## ብሁላት

1) ክሁብ ዝደለየ ብንያት፡ ነገር ዝደለየ ብምኽንያት

2) ወቒዑ ዘይፈልጥ ኣብ ቅርቅርቲ

ደቂሱ ዘይፈልጥ ክልተ ለይቲ

3) ሰብ ኣብ ዘይዓዱ፡ እኽሊ ኣብ ዘይዓወዱ

እቲ ይደናገር እቲ ይናጠር

4) ሰበይቲ ቐሺ ፈላጥ ክትበሃል ዳዊት (መጽሓፍ) ትሓጽብ


5) ኩሉ ኣካል`ሞ ኣይከውን ዓይንን ኩሉ ጥዑም`ሞ ኣይከውን ወይንን

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

**መደብ ጸወታ**
**ሎሚ**
**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**
ብራይተን ኣልብዮን - ቦርንማውዝ 3:30
ኒውካስል - ኤቨርተን 6:00
ሳውዝሃምፕተን - ክሪስታል ፓላስ 6:00
ዋትፎርድ - ኣስተን ቪላ 6:00
ኖርዊች - ቶተንሃም 8:30
ዌስት ሃም - ሌስተር ሲቲ 8:30
በርንለይ - ማን ዩናይትድ 10:45

## ሊቨርፑል!







2019 ንሊቨርፑል ‘ዓመታ’ዩ’ እንተተባህለ፡ ብመርትዖታት ዝተሰነየ እዩ። ኣብዚ ዓመት’ዚ፡ እታ ብሮቤርቶ ፈርሚኖ፡ ሳዲዮ ማነ፡ መሓመድ ሳላሕ ዝምራሕ መስመር ምጥቃዕ እትውንን እንግሊዛዊት ክለብ፡ ሻምፕዮን ኤውሮጳ፡ ዋንጫ ሱፐር ካፕ፡ ዋንጫ ክለባት ዓለም ከምኡ ድማ ብቐድሚ ትማሊ ነታ ናይ ቀረባ መቐናቕንታ ንዝኾነት ሌስተር ሲቲ 4ብ0 ብምዕናው ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብ ኢዳ ናይ ምእታዋ ተኽእሎ . . .

“ኣብዚ እዋን’ዚ ሊቨርፑል ናይ 30 ዓመታት ጾመ ልጓም ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ከምዝፈትሐት ኣፍና መሊእና ብርእሰ ምትእምማን ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ዝ ዓወት’ዚ እንታይ ዓይነት ክብረወሰናት ብምስባር እያ ክዉን ክትገብሮ ዝበል ሕቶ እየ ከስዕብ። ኣርሰናል ንዝሓዘቶ ናይ ዘይተሰዓርነት ክብረወሰን ብምስባር፥ ልዕሊ እቲ ማን ሲቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዘመዝገቦ ስሉሳዊ ኣሃዝ ውጽኢት ብምቑጻር . . . .” ክብል እዩ ህቡብ ተጻዋታይ ኣርሰናል ዝነበረ ቴሪ ሆንሪ ጦብላሕታኡ ኣብ ገሲጋስ ሊቨርፑል ድሕሪ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሌስተር ሲቲ ዝገለጸ።

ብጆርዳን ሄንደርሰን ዝእለ መስመር ምክፍፋል ብፋቢንዮ ጆርጂኖን ይሕገዝ። ኣብ ዳሕረዋይ መስመር ከኣ ከም እምኒ ዓረ ንምክልኻል ክለቡ ገጥ ዘበለ ቫንዳይክ ምስ ኣለክሳንደር ኣርኖልድን ሮበርትሰን ንመስመር ምጥቃዕ መጋጥምቶም የልምሱ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሓደ ጸወታ ተረፍ ዘለዋን ትማሊ ከኣ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ስቱትጋርት ንዘለኣኸቶ ናት ፌሊፕ ናብ ሜዳኣ ኣንፊልድ ዝመለሰትን ሊቨርፑል፡ ብ52 ነጥቢ መሪሕነታ ኣደልዲላ ጸገሕ ኣብ ሜዳኣ ናብ እተካይዶ ፍኹስ ዝበለ ጸወታ ኣንጻር ዎልቨርሃምፕተን ክትኣቱ እያ። እቲ ዘገርም ግና፡ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት’ዚ ሊቨርፑል ኣመዝጊቡቶ ዘላ ነጥቢ ምስቲ ማን ዩናይትድን ኣርሰናልን ብሓባር ዘቑጸርኦ ነጥቢ ምምዕርራዩ እዩ - 52=28+24 !

** ** **

## ኣብዚ ቀዳመ-ሰንበት . . .

ኣብ ልዕሊ ኒውካስል 4ብ1 ብምዕዋታ ትንፋስ ዝሰኸዐት ማን ዩናይትድ፡ ሎሚ ናብ ሜዳ በርንሊ ተርፍ ሞር ተጓዒዛ ክትጻወት እያ። ካብ 19 ጸወታታት 28 ነጥቢ ኣዋህሊላ እትርከብ ማን ዩናይትድ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ኣከፋፋሊኣ ስኮት ማክ ቶሚናይ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ ተሓቢሩ። ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ብርኩ ማህሰይቲ ዝገጠሞ ቶሚናይ፡ ቦታኡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ጸወታታት ካብ መንበር ተቐያርቲ ተንሲኡ ብዝተሰለፈ ፖል ፖግባ ክትካእ ከምዝኽእል ይግመት።

ብመንጽሩ፡ ብወገን በርንሊ፡ ተሃሰዩ ዝነበረ ኣጥቃዒ ኣሽሊይ በርንስ ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ምስ ቀዳሞት 11 ናይ ምህላዉ ተኽእሎ ርጉጽ ኮይኑ ይርከብ።

ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ኦሌ ጉናር ሶልሻየር፡ መንእሰያት ተጻወትቱ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክልተ ጸወታታት ምኻያዶም ሃሲያ ምዃኑ ኣረዲኡ። ይኹን እምበር፡ እዚ ኖርወጅያዊ ኣሰልጣኒ፡ ጋንታኡ ብዘመዝገቦ ዓወት ዝ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ንእተካይዶ ጸወታ ከምእትምክሮ ካብ ምግላጽ ዓዲ ኣይወዓለን።

በርንሊ ካብ 19 ጸወታታት 24 ነጥቢ ኣዋህሊላ ትርከብ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ዌስት ሃም ማኑኤል ፐለግሪኒ፡ ኣብ መንበር ከጽንሖን ከየጽንሖን ዝውስን ጸወታ ሎሚ ኣንጻር ሌስተር ሲቲ ከካይድ እዩ። ካብ 18 ጸወታታት 19 ነጥቢ ጥራይ ኣዋህሊላ እትርከብ ዌት ሃም፡ ሎሚ ምሉእ ነጥቢ ምስ ዘይተመዝግብ ቀዳማይ ውሳነኣ ምስ ማኑኤል ፐለግሪኒ ምፍልላይ ምዃኑ ብኢጋኡ ትገልጽ።

ብክሪስታል ፓላስ 2ብ1 ዝተሳዕረት ዌስት ሃም፡ ኣብ ዝሓለፈ 13 ጸወታታት ክልተ ግዜ ጥራይ እያ ተዓዊታ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ኣብ መቐጸዕቲ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ዌስት ሃም ሬያን ፍረደሪክ ሎሚ ምሸት ከምዝሰለፍ ርጉጽ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ኣሮን ክረስ ዌል ብመቐጸዕቲ ኣይክህልውን እዩ።

ኣቐዲማ ብማን ሲቲ ብቐድሚ ትማሊ ከኣ ብሊቨርፑል ዳር ትርኢታ ዝረኣየት ሌስተር ሲቲ፡ ሎሚ ኣብ መስመር ምጥቃዕ ንጂሚ ቫርዲ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ኣሎ - እዚ ተጻዋታይ ብተደጋጋሚ ብምስላፉ፡ መጠናዊ ዕረፍቲ ከምዘድልዮ ይግለጽ ብምህላዉ።

** ** **



## እንታይ ከ ይሰማዕ ኣሎ?

+ ኣከፋፋሊ ክለብ ኣርሰናል ግራኒት ሻካ፡ ናብ ክለብ ሄርታ በርሊን ክሰጋገር ምስምምዑ ወኪሉ ገሊጹ። ምንጪ - ሚረር

+ ማን ዩናይትድ፡ ንወዲ 23 ዓመት እንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ሌስተር ሲቲ ጀምስ ማዲሰን ብ80 ሚልዮን ፓውንድ ንምዕዳግ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ምኻዳ ተገሊጹ። ይኹን እምበር፡ እዚ ኣብ ጸቡቕ ብቕዓት ዝርከብ ተጻዋታይ፡ ዝመጽእ ክረምቲ እምበር፡ ኣብዚ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ዝኸፈት መስኮት ምስጋገር ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ይሕበር። ምንጪ - ሜትሮ

+ ሪያል ማድሪድ፡ ንናይ ክንፊ ተጻዋታያ ጋሪዝ በይል ናብ ማን ዩናይትድ ብምስግጋር፡ መቐየርታኡ ንፖል ፖግባ ኣብ ሕቑፉ ከተእቱ ምውጣና ተሓቢሩ። ሜዳ በርናቡ ናይ ሪያልማድሪድ ከምዘይጠዓሞ ዝነገር በይል፡ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ይግለጽ። ብመንጽሩ፥ ካብ መጉዳእቲ ናብ ጸወታ ዝተመለሰ ፖል ፖግባ፡ ኣብ ክለቡ ማን ዩናይትድ ኣጉዳሰኡ፡ ልዑል ብምዃኑ ማድሪድ ልዑል መጠን ገዝኡ ምስ ዘይትሰልዕ ኣብ መሳርዓ ክተእትዎ ኣዝዩ ከምዝዝበድሃ ሓያለ ተንተንቲ ይሰማምዑ። ምንጪ - ስታር

+ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ክለብ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፡ ንፈረንሳዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ጁቬንቱስ ኣድርያን ራብዮት የጣይቐሉ ምህላዉ ተገሊጹ። ብቐድሚ ትማሊ ምስ ቦርንማውዝ 1ብ1 ዝተፈላለየት ኣርሰናል፡ ሃገራት ዝ ወዲ 24 ዓመት ኮኾብ ተጻዋታይ ጁቬ ብመልክዕ ልቓሕ እያ ተጣይቐሉ ዘላ። ምንጪ - ታይምስ

+ ብቐድሚ ትማሊ ብሳውዝሃምፕተን 2ብ0 ዝተሳዕረት ቸልሲ፡ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ፓሪስ ሴንት ጀርማይን ጁልያን ድራክስለር ተጣይቐሉ ምህላዋ ተሓቢሩ። እዛ ለንደናዊት ክለብ ብዘይካ ዝ ጀርመናዊ ተጻዋታይ፡ ንሴኔጋላዊ ኣከፋፋሊ ኢድሪሳ ገየ እውን ኣብ ራዳራ ምእታዋ ይንገር። ምንጪ - ስታር

+ ብዘይካ’ዚ፡ ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ ፍራንክ ላምፓርድ፡ ተጻዋታይ ክለቡ ዊልያን ኣብ ስታንፎርድ ብሪጅ ንተወሰኽቲ ዓመታት ዝጸንሐሉ ሓድሽ ውዕል ንምኽታም ዝርርብ ምጅማሩ ገሊጹ። እዚ ወዲ 31 ዓመት፡ ምስ ክለቡ ዘለዎ ውዕል ዝመጽእ ክረምቲ እዩ ዘብቅዕ። ምንጪ - ደይሊ መይል

+ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክለብ ማን ሲቲ ሌሮይ ሴን፡ ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ዓመተ ስፖርት’ዚ ኣብ ሜዳ ኢትሓድ ከምዝጸንሕ ይዛረብ። ይኹን እምበር፡ እዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ራዳር ክለብ ባየር ሙኒክ ብምእታዉ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ብ85 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሙኒክ ክቕንዕ ከምዝኽእል ሲታር ዝተባህለት ጋዜጣ ኣብ ናይ ትማሊ ምሸት ሕትመታ ኣፍሊጣ።

+ ማን ሲቲ፡ ንብቕዓት ተኸላኻሊ ክለብ ቪያሪያል ፓው ቶረስ ከምኡ ድማ ንናይ በሪፋ መዘናኡ ሩብን ዲያስ ዝመምዩ ልኡኻት ከምዝሰደደት ተገሊጹ። ምንጪ - ቴሌግራፍ

+ እስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ክለብ ዳይማኖ ዛግረብ ዳኒ ኦልሞ ኣብ ዓይኒ ክለባት ማንቸስተር ዩናይትድን ማን ሲቲን ምእታዉ ተገሊጹ። ምንጪ - ማንቸስተር ኢቭኒን

+ ኣሰልጣኒ ክለብ ክሪስታል ፓላስ ሮይ ሁድሰን ኣብ ጥሪ ኣብ ዝኸፈት መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ኣርባዕተ ወይ እውን ሓሙሽተ ተጻወትቲ ናይ ምፍራም ባህጊ ከምዘለዎ ምግላጹ ደይሊ መይል ሓቢሩ።

+ ምስራዊ ኣከፋፋሊ መሓመድ ኤልኒኒ፡ ናብ ኤሲ ሚላን ክሰጋገር ከምዝኽእል ኣቦኡ ተዛሪቡ። እዚ ወዲ 27 ዓመት ተጻዋታይ ኣርሰናል፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብመልክዕ ልቓሕ ኣብ በሺክታሽ ይጻወት ኣሎ። ምንጪ - ማርካ

+ ምስ ክለብ ሪያል ሶሴዳድ ብመልክዕ ልቓሕ ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ማርቲን ኦዴጋርድ፡ ናብ ክለቡ ሪያል ማድሪድ ክምለስ ከምዝኽእል ተገሚቱ። ምንጪ - ኤኤስ

+ ሽወደናዊ ዝላታን ኢብራሂሞቪች ናብ ኤሲ ሚላን ክሰጋገር ምስምምዑ ብመንገዲ ኢንታግራም ገሊጹ። ካብ 2010 ክሳብ 2012 ምስ ሚላን ዝተጻወተ እዚ ቀማት ሽወደናዊ፡ ባሕቲ ጥሪ ናብ ኢጣልያ ተጓዒዙ ክታሙ ከንብር መደብ ምሓዙ እውን ወሲኹ ሓቢሩ’ሎ። ኣብ 85 ጸወታታት 56 ሽቶታት ንሚላን ከበርክት ዝኸኣለ ኢብራሂሞቪች፡ ንዘሰዕብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ 3 ሚልዮን ፓውንድ መሃያ ክቕበል እዩ። ኣብ ዝስዕብ ዓመተ ስፖርት ግና መሃያኡ ሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ ከምዝኸውን እታ ኢጣልያዊት ክለብ ኣፍሊጣ። ምስ ሚላን፡ ናይ ሰሪ’ኣን ሱፐር ኮፓ ኢጣልያን ዘልዓለ ዝላታን፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2010/’11 ብሉጽ ተጻዋታይ ውድድር ሰሪ’ኣ ብምዃን ስሙ ኣብ ኢጣልያ ክኹልዕ ክኢሉ እዩ። ምንጪ - ስካይ

+ ፔድሮ ሮድሪገዝ፡ እንተደኣ ክለብ ባርሴሎና ጻውዒት ኣቕሪባትሉ፥ ምስ ክለቡ ቸልሲ ንዘለዎ ውዕል ጠንጢኑ ናብ ካታሎን ከምርሕ ዓይኑ ከምዘይሓሲ ኣረዲኡ። ኣብ 2015 ካብ ባርሴሎና ብምውጻእ ናብ ቸልሲ ዘቕንዐ ፔድሮ፡ ኣብ ሜዳ ስታንፎርድ ብሪጅ ክሳብ 2020 ዘጸንሖ ውዕል ኣለዎ። ካብ 2008 ኣትሒዙ ንሸውዓተ ዓመታት ኣብ ኖ ካምፕ ዝጸንሐ ፐድሮ ኣብ 320 ጸወታታት 99 ሽቶታት ነታ ካታሎናዊት ክለብ ምብርካቱ ጸብጻባት የረድኡ። ምንጪ - ኦልፉትቦል

# ምልክታ

በይኑኤል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳሙኤል ኪዳነ ስብሃቱ ብሞግዚቱ ኣብርሀት ኪዳነ ስብሃቱ ኣቢሉ፡ ሳሙኤል ኪዳነ ስብሃቱ ምባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ተኽለሃይማኖት እያሱ፡ ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ዘውዲ ይሕደጎ ኣረይ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሀት ኪዳነ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረብ።

ት/ዕድመ ስምኦን ተወልደ ሓጎስ ብወለዱ ኣቶ ተወልደ ሓጎስ ድራርን ወ/ሮ ለተንጉስ ብሩኽ መንግስቱን ኣቢሉ፡ ስምኦን ተወልደ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ሳይሞን ተወልደ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ጎይትኦም ሰመረ ፍስሓጼንን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ/ ደበሳይ በራኺ+13ን ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ሃይለሚካኤል ደበሳይ በራኺ ወ/ሮ ሩታ ደበሳይ በራኺ፡ ኣቶ ሳይሞን ደበሳይ በራኺ፡ ወ/ሮ ሰላም ደበሳይ በራኺ ተጸዊ ዖም ን29/1/20 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ንሶም ኣብ ዘይብሉ ጉዳዮም ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድ ስራጅን ተኸሰስቲ ወረ።ነፍ ትብለጽ ኪዳነ ተስፋ+2 ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ሰናይት ባይሩን ሳራ ሃይለን ብኣድራሻአን ክርከባ ስለዘይተኻእለ ተጸዊዐን ን21/1/20 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ይቕረባ። እንተዘይቀሪበን ግን ንሰን ኣብ ዘይብሉ ጉዳየን ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣኽበረት ሰለሙን ገብረሂወት፡ ስም ኣደይ ትብለጽ ሃንሶም መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ቅዱሳን ኣጽብሃ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ ካሕሳይ ጠበቓ ኣቶ ተስፋይ ዑቕባዝጊ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል መከላኸሊ መልሲ ሒዝካ ን31/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ተራእዩ ክውሰን ምኻኑ ነፍልጥ።

ለምለም ተስፋጋብር ገብሩ ምባል ተሪፉ፡ ለምለም ተስፋጋብር ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኮኾብ ክፍላይ ገብረእግዚኣብሄርን ተኸሳሲ ኣቶ ያቀብ ኣፈወርቒን ዘሎ ናይ ሞግዚትነት ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣብዚ ሃገር ስለዘየለን ንጹር ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠን፣ ተጸዊዑ ን17/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኤስሮም ሱልጣን ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኤስሮም ሱልጣን ዓብደላ ጧኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣንቶኔታ ካርናክያ ዶሚኒካ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ትርሓስ ሰዩም ግርማይ ብቁ/መ ረጂስትራር ላ/ቤ/ፍ/5909/18 ብዕለት 1/8/2018 ዝሃብክዋ ውክልና ስልጣን ይሰረዘለይ ስለዝበላ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/1/20 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ጉዳያ ንሳ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃቦ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ምስግና ሃይለ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ምስግና ሓይላይ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ርብቃ ስምኦን ፍስሃየ፡ ስም ኣደይ ገብሪኤል ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ገብሪኤል ተስፋሚካኤል ሃብተእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ሃይማኖት ሓድጉ ዘርኣይ፡ ሓውና ኣቶ ስምኦን ሓድጉ ዘርኣይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይን 7 ተተካእቲ ደቂ ስዉእ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ማሕመድ ሕዋርሼኽን ተኸሳሲ ኣቶ ኣሕመድ ሰዒድን ዘሎ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሻኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ጉዳዩ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሄኖክ ደሳለኝ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣልጋነሽ ገብረማርያም ዘወልዲ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ሓድጉ ዘርኣይ፡ ሓውና ኣቶ ዳዊት ሓድጉ ዘርኣይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይን 7 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ሓድጉ ዘርኣይ፡ ሓፍትና ወ/ሮ ለተንጉስ ሓድጉ ዘርኣይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይን 7 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፋኑስ በረኸት ተስፋስላሴ ብወኪለን ኤልሳ ሃብተ ገብረየሱስ ኣቢለን፡ ኣቦና ኣቶ በረኸት ተስፋስላሴ ዑቕባጋብር ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲ ደቂ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትብለጽ የማነ ገብረመድህን፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ተስፎም ኪዳነ እምሃጽዮን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋስላሴ ገብረመስቀል ደባስ፡ ሓፍትና ወ/ሮ ኣምለሰት ገብረመስቀል ደባስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ኣዜብ ትኩእ ኣብርሃ፡ ኣደና ወ/ሮ ኣበባ ሃይለማርያም ወልደገብርኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/20 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ሰለሙን ገብራይ ተላ፡ ኣደና ወ/ሮ ኣበባ ተኽሉ ቀለታ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ 2 ደቃን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ መብራት ባይራሚካኤል ገብረሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ረዘነ ኣማኒኤል ገብረሂወት ስለዝሞተ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢዮብ ጸጋይ ወልደስላሴ፡ ወለድና ኣብርሄት ገብረግዚኣብሄር ሃይለን ጸጋይ ወልደስላሴ ሕድሩን ስለዝሞቱ፡ 5 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ይሕደጋ ፍረ ግርማጽዮን፡ በዓል-ቤተይ ሚካኤል ተኽለገርግሽ ተመልሶ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት እምባየ ኣባይ፡ ኣደና መብራት ክፍለ ገብረስላሴ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ

ኣቶ ዘርኣይ ለኣከ ሰልጠነ፡ ኣደና ኣበባ ኣብርሃም ጉርጃ ስለዝሞተት፡ ንኣቦና ናይ መጻምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ፓራዲዞ

ኣቶ ኣተሸም ነጋሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክሰተ ገዝሄይ ኣድራሻኡ ስለዝጠፍኣኒ ይጸውዓለይ ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲ ን14/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ጉዳዩ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት

ከሳሲት ወ/ሮ ልያ ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ በዓል-ቤተይ ኣቶ ዳዊት ኣብርሃም ካብዚ ሃገር ምስ ወጸ ንልዕሊ 2 ዓመት ድሃዩ ስለዘይብለይ፡ ጉዳየይ ናብ ቤተ ዘመድ ሽማግለ ተመሪሑ መዕለቢ ክግበረለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋሲል ገብረመድህን ገ/ንጉስ፡ ኣደና ኣልጋነሽ በርሀ ወልደጊዮርጊስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ኣቶ ሰዓረ ከበደም ወልደስላሴ፡ ኣደና ወ/ሮ ኢታይ ዘይሎ ገብረሂወት ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸጸራት

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ዮሴፍ ኣብርሃም ባይሩን ተኸሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ዮሴፍ ወልደኣብን ዘሎ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲት ንጹር ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ጉዳያ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲ ኣቶ እስቲፋኖስ ብርሃነ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ተኽለ ገብረሚካኤል ብለውጢ ዝሃበትኒ መኪና ናይ ገዛ ቁ.ሰሌዳ ER-1-G-1768 ኮምፓኩት ስርሓት ጃፓን ጻዕዳ ዝሕብራ ሞዴል 1990 ቁ.ቻሲ AE 92-0210440 ቁ/ሞተረ 4AS8245291 ዝኮነት ምስ ተለዋወጥና ሊብሬቶ ሂባትኒ ናብ ስመይ ከየሕለፈትለይ ኣድራሻኣ ስለዝጠፍኣኒ ተጸዊዓ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ትቕረበለይ እንተዘይቀሪባ ኣብ ዘይተረከበትሉ ጉዳይና ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲት ን17/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ተኪኤ ገብረእየሱስ ተስፋማርያም፡ ኣቦና ገብረእየሱስ ተስፋማርያም ወልደገርግስን ሳህሉ ኣሮን በጋጼንን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ት/ዕድመ ቤተኤል ወልደሩፋኤል ገብረዮውሃንስ ብወላዲቷ ሰናይት ዘርኣይ ኣቢላ፡ኣቦና ወልደሩፋኤል ገብረዮውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን14/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንፋስ

ተኽሉ ተስፋይ ኪዳነ፡ ኣቦና ተስፋይ ኪዳነ ስለዝተሰወአ፡ ንኣደና ወ/ሮ ደሃብ ኤርሚያስ ሃብተሚካኤል ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ተኽለ ተስፋይ ገብረዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ተሰፈ ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጅምዓ ጃብር እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ሰለመት ጃብር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ንግስቲ ጸጋይ ዓንደገርግሽ፡ ወለድና ጸጋይ ዓ/ገርግሽን፡ ምልእተ ፍስሓ ሰለሙንን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገረንፈት

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዕቁባይ ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ ረዳእ በለደ ገብረ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following posts:

Post: ………………………… Filler Operator

Education: ………………………… Technical school graduate in mechanics

Skill: ……………………… Basic maintenance skill and operation of filler.

Experience: ………………………… 3 years as a mechanic

Quantity: ………………………… One

Age: ………………………… 25 – 45yrs.

Salary as per company scale.

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 162540, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.

# ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ጋይም ሰጊድን ብፍ/በ/ዕዳ/ ወረ/ኣለም እምባየ+6ን ብዝተፈጥረ ክርክር፣ ኣብ ማይተመናይ ዚፕ 114 ኣብ 150 ት/ሜ 2 ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ ብኮምሽን ኣባይቲ ዋንነት ዝተረጋገጸ ብሓራጅ ተሸይጡ ክመቅልዎ ብቤ/ፍ ስለዝተወሰነ ብሓራጅ ንምሻጥ ብበዓል ሞያ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሸውዓተን ሽሕን ሽድሽተ ሚእትን ሰላሳን 50% ናቕፋ (257,630.50) ተገሚቱ ቀሪቡ ስለዘሎ ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቀረበ ግምት ¼ ብስም ፈ/ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ቡክ ደብተር ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ 5 መዓልታት ክበጽሕ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብፖስጣ ዓሺጉ ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ።

ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/66 ይወከስ። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ገበን መጋባእያ 27
ዕለት ጨረታ 5/02/2020
ሰዓት ሓራጅ 3፡00 – 4፡00 ድ/ቀ

# ምልክታ ጨረታ

ብመኮነን ሓምበሬታን ኀስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል እትመሓደር ደንደን ፖውሊን ስፖርት ክለብ ካብ 01/06/2020 ንስፖርታውያን ዝውዕል ንመግቢ ዘድልዩ ሃለኽቲ ነገራት ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ስጋ ከብቲ፣ ስጋ ዓሳ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ኣጫሪቱ ክወዳድር ስለዝደለየ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ዝተሓደሰ ናይ 2019 ፍቓድ ዋኒን ዘለዎ

2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ን5 መዓልታት ክፉት ይኸውን

3. ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋ ኣብ ጨረታ ዝወድቀሉ መዓልቲ ብኣካል ይቕረቡ

4. መኽበሪ ጨረታ 50,000.00 ናቕፋ (ሓሙሳ ሽሕ ናቕፋ) ብቸክ ወይ ብሲፒኦ ይትሓዝ

5. ተወሳኺ ሓበሬታን መግለጽን ብኣካል ኣብ መኮንን ሓበሬታን ኀ/ሚኒ/ምክልኻል መዓስከር ደንደን ብምምጻእ ወይ ብቁ/ቴሌ 07151111 (08370425) ብምድዋል ምውካስ ይከኣል

6. መኮነን ሓበሬታን ኀስጓስን/ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

መ/ሓ/ኀስጓስ ሚኒ/ምክልኻል

# ምልክታ


ምምሕዳር ዞባ ማእከል ካብ 1 ጥሪ 2020 ጀሚሩ ክራይ መሬት፣ ግብሪ ገዛ፣ ክራይ ገዛ፣ ኣገልግሎት ጽሬት ወዘተ ከኽፍል ከምዝጅምር የዘኻኽር። ብተወሳኺ ንኹሎም ዓማዊል ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ክራይ መሬት፣ ግብሪ ገዛ፣ ክራይ ገዛ፣ ኣገልግሎት ጽሬት ወዘተ ዘይከፈልኩም ዕዳኹም ክትከፍሉ የዘኻኽር። ከምኡ'ውን ዋንነት ናብ 2ይ ወይ 3ይ ኣካል ብውርሲ ይኹን ብመሸጣ ዝተሰጋገሩ ኣባይቲ ግን ከኣ ሕጋዊ ምስግጋር ናይ ዋንነት ዘድልዩ ኩሉ ዘየሰጋገርኩም ዘለኹም ሕጋዊ ምስግጋር ክትገብሩ የዘኻኽር።

በዚ መሰረት ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ጨንፈር ኣታዊታትን ግብርን ቁ/19 መጺእኩም ክትከፍሉ ብጥብቂ ነተሓሳስብ ኩሉ ዓሚል ዘሎዎ ዕዳ ኣብ እዋኑ መጺኡ ምስ ዘየጻሪ ዝውሰድ ስጉምቲ ናይ ዓሚል ሓላፍነት ይኸውን።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል

# ሓበሬታ

## ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፣ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 - 12፡00 ቅድሚ ቀትሪ ምሸት ካብ 2፡00 - 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፣ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

# ምልክታ

ከሓሲት ወልደገብርኤል ተስፋ ዝተባሃልኩ በዓል-ቤተይ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ዑቕባይ ወልደስላሴ ነቲ ኣብ ከባቢ ዚፕ ኮድ ገዛ ባንዳ 1A197 ጎደና ካሪቦሳ ፕሎት 25 ቁ/ፓርሰል ዞን ASP00011218 ፓርሰል D ብሚኒ/መ/ማ/ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡007604 ብስመይን ብስም በዓል-ቤተይን ዝተመዝገበ ገዛ እታ ብጽሒቱ ብህያብ ስለዝሃበኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ ተቓዋሚ እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘየለ ግን ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ ይሕብር።

ከሓሲት ወልደገብርኤል ተስፋ

# ምልክታ

ኣስመሮም ሃይለን ገነት ሰለሙንን ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ዚፕ 1A195 ጎደና ኮከን ቁ/ገዛ 29 ዝርከብ ኣብ ፕሎት ASP00036659 ፓርሰል C ስፍሓት መሬት 218.05 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛ ንቢንያም ኣርኣያ ሸይጥናሉ በዚ መሰረት ናብ ስሙ ክነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሂዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክነፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣስመሮም ሃይለን
ገነት ሰለሙንን

ታደሰ ተኽለ

# ዳዕሽ ምዕራብ ኣፍሪቃ እሱራት ይቐትል



ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ጨንፈር እስላማዊ ሰራዊት (ዳዕሽ) ዝኾነ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ብምኽንያት ሃይማኖት 11 ሰባት ከም ዝቐተለ ትማሊ ዝተፈነወ ጸብጻባት ሓቢሮም።

እቲ ጉጅለ ኑቶም እሱራት ኣብ ዝቐተለሉ - ብቪደዮ ኣብ ዘቃልሖ መግለጺ፡ ሕን-ሕነ መራሒ ከሊፋዊ መንግስቲ ዝነበረ ኣቡብከር ኣልባቕዳዲን ምክትሉ ኣቡል ሓሰን ኣልሙሃጂርን ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣልባቕዳዲ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ምስ ከቢበዎ ተዓጢቕዎ ዝነበረ ተተኳሲ ኣፈንጂሩ ምስ ክልተ ደቁ ከምዝሞተ ይዝከር።

ኣቡቲ ካብ ዞባ ቦርኖ ዝተመሓላለፈ ቪደዮ፡ ኩሎም እቶም ዝተቐትሉ "ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት ዝተማረኹ" ምንባሮም ተገሊጹ።

እቲ ቪደዮ ናይ ዳዕሽ ምንጪ ዜና ከም ዝኾነ ብዝፍለጥ 'ኣዕማቕ' ብዝተባህለ መደበር ከም እተፈነወ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ኣብ ናይጀርያ፡ ኣንጻር እቲ መንግስቲ ዝዋጋእ ቦኮ ሓራም ሓይሉ ከምዝለዎ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ክፉል ቦኮ ሓራም ከም ጨንፈር ዳዕሽ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ተባሂሉ ከምዝጽዋዕ ምንጪታት ይሕብሩ።

# ፕረዚደንት ዒራቕ ካብ መዝነት ክወርድ ይሓትት

ኣብ ዒራቕ ተፈጢሩ ዘሎ ሃንፍ ቦታ ቀዳማይ ሚኒስተር ንምምላእ፡ ደገፍቲ ኢራን ብዝኾኑ ሰልፍታት ዝተረቑሐ ሰብ ብምንጻግ፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ባርሃም ሳልሕ ካብ መዝነቱ ክወርድ ከም ዝሓተተ ተፈሊጡ።

ባርሃም ሳልሕ፡ ብደገፍቲ ኢራን ዝኾኑ ሰልፍታት ሺዓ ዝተረቑሐ ሰብ - ናይ ህዝቢ ደገፍ ከም ዘይብሉ ብምዝኽኻር፡ ዝቀየድ ዘሎ ናዕቢ ምእንቲ ክሃድእ ካልእ ኣማራጺ ክቐርብ ምሕታቱ ተገሊጹ።

ኣብ ደቡባዊ ዞባታት ዒራቕ ፍሉጥ ፖለቲከኛ ከም ዝኾነ ዝንገረሉ ኣስዓድ ኣል ዒዳኒ፡ ብሕብረት ብዝተወደባን ዝበዝሐ መናብር ባይቶ ብዝሓዛን ሰልፍታት ሺዓ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ክኸውን ተረቑሑ ነይሩ።

ብመሰረት ቅዋም ሃገር ድማ፡ ፕረዚደንት እንተዘይደገፍዎ እቲ ዝተሓርየ ሰብ ክሽየም ኣይክእልን።

ፕረዚደንት ባርሃም፡ ሓደ ካብ ጠንቅታት ናይቲ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ብቐንዱ ኢራን ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ዘለዋ ጽልዋታት ብምቅዋም ስለዝኾኑ፡ ብኢራን ዝድገፍ ሰብ ንሃገር ክመርሕ ምምራጽ ማለት ደም ምፍሳስ ምዕዳም ማለት ከም ዝኾነ እዩ ኣገንዚቡ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ብዑብላሊ ሰልፊ ተሓርዩ ዝቐረበሉ ሰብ ተቐቢሉ ኑቲ ሽመት ምጽዳቕ ብምእባዩ ከም ሕጊ ሃገር ምጥሓስ ስለዝቘጸር፡ ባርሃም ሳልሕ ኑቲ ባይቶ፡ ድልየቱ ክጉብር ከም ዘኽእል ሓቢሩ - ኣብ ሰሜን ዒራቕ ናብ ዝርከብ ናብ ዓዱ ግዝኣት ኩርዲ ከም ዝበረረ ጸብጻባት ገሊጾም።

ኣብ ጎደናታት ተቓውሞ ዘካይዱ ዘለዉ ዒራቓውያን፡ ጉዳይም ፖለቲከኛታት ሃገር ክመርሑ ከም ዘይክእሉ ብምእማን፡ ብናይ ብልሽውና ባህሊ ዘይተበከሉ በበይኑ ብቕዓት ብዘለዎም ውልቀ-ሰባት (ቴክኖክራት) ሃገር ክትምራሕ ከምዘደልዩ ጸብጻባት የረድኡ።

# ኣሃዱ ሓይሊ ባሕሪ ጃፓን ናብ ማእከላይ ምብራቕ. . .

መንግስቲ ጃፓን፡ ኣብ መንጎ ፕምፕዮ ኢራን ኣብ ዝርከብ ባሕሪ ሓለዋ ዘካይዳ ሓንቲ መርከብ ወግእን ክልተ ናይ ተፍቲሽ ነፈርትን ከም ዝልኣኸ ምንጪታት ሓቢርም።

ጃፓን እትልእኾ ዘላ ወታሃደራዊ ኣሃዱ፡ ብናይ በይኑ እዚ ዝንቀሳቐሰን ምስቲ ናይ ሽውዓተ ሃገራት ጥርናፍ ሓይሊ ባሕሪ ከም ዘይተሓዋወሰን ተፈሊጡ ኣሎ።

ናብ ማእከላይ ምብራቕ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ምልኣኽ ዝምልከት ሓሳብ ናብ ካቢነ ድሕሪ ምቕራብ፡ እቲ እማመ ደገፍ ረኺቡ 'ሓብሬታ ዝእክብ ኣሃዱ' ክለኣኽ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

እታ ሄሊኮፕተራት እትሰከም 'ኣጥቃዕቲ' ተባሂለን ካብ ዝጽወዓ ዓይነት ዝኾኑት መርከበ፡ ክልተ ኩሉላ ዘካይዳ ነፈርቲን፡ መራኽብ ንግዲ ጃፓን ብብዝሒ ኣብ ዝንቀሳቐሳሉ ማያት ሓለዋ ከም ዘካይዳ ተፈሊጡ ኣሎ።

ክዮዶ ንዝተባህለ ማዕከን ዜና ጃፓን ዝጠቐሱ ምንጪታት፡ እቲ 206 ብዝሒ ሰብ ዘለዎ "ባሕሪ ሓይሊ ንርእሰ ምክልኻል" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣሃዱ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ፡ ኣብ ወሽመጥ ዑማንን ባሕሪ ዓረብን (ባሕሪ ዓረብ) ከም ዝንቀሳቐስ ጸብጻባት የረድኡ።



ጃፓን ካብ እትዕደጎ ኑዳ፡ እቲ 90 ሚእታዊት፡ በቲ ተኣፋፊ ኩይኑ ዝጸንሐ ሓያሎ ሓደጋታት ባሕሪ ዝተራእየሉ ወሽመጥ ሆማዝ ከም ዝሓልፍ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ኣብቲ ማያት መጥቃዕቲ ካብ ዝወረደን ኑዳ ዝጽዕና መራኽብ፡ እታ ሓንቲ ብጃፓን እትውነን 'ኮኩካ' ዝተባህለት ምንባራ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ካብ ድሕሪ ሕጂ፡ ናብ ልዕሊ መራኽብ ጃፓን ዝቐንዐ ሓደጋ እንድሕር ተራእዩ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ብዘውጽኦ ትእዛዝ ናይ ርእሰ ምክልኻል ስጉምቲ ከም ዝወስድ ጸብጻባት የገንዝቡ።

እታ መርከብ ሓይሊ ባሕሪ ጃፓን፡ ካብ መዳብበ ሆርሙዝ ወጻኢ ዝኾኑ ማያት ክትዕብ ኣፍደገ ወሽመጥ ዓደን ዝጸንሕ ከበቢታት ከም እትኸውል ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ናብ ኢራን ገይሹ ዝቐጸ ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን፡ ሺንዞ ኣቤ ንሰብኣልጣን ኢራን፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ሓብርዎም ከም ዝቐጸ ተገሊጹ።

መራሒ ጃፓን ናብ ኢራን ክገይሽ እዚ ድሕሪ 41 ዓመት ናይ መጀመርታ ምዃኑ ጸብጻባት የረድኡ።

# ዲፕሎማስያዊ ክትዕ ሜክሲኮን ቦሊቭያን

ኣብ መንጎ ሜክሲኮን ቦሊቭያን ተፈጢሩ ብዘሎ ዲፕሎማስያዊ ምቅሕሓር፡ ሜክሲኮ ናብ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከም እተቕርብ ኣፍሊጣ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሜክሲኮ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "መንግስቲ ቦሊቭያ፡ ክብሪ ኣብያተ-ጽሕፈት ቈንስል ሜክሲኮ ብዘጉድል ኣሰራርሓ - ብፖሊስን ሰራዊትን ገይሩዎ ዘሎ ከቢብ ክቋርጽ ንጽውዕ" ይብል።

እቲ ሚኒስተር፡ ኣብ ሜክሲኮ ንዘሎ መንግስቲ፡ ምስቲ ኣብ ሰበዓታትን ሰማንያታትን ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ስርዓታት ከም ዝመሳሰል ገይሩ ከም ዘቕረቦ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ሰበስልጣን ቦሊቭያ እውን 'ተራ ጸርፊ' ክፍንዉ ምቕናዮም ምንጪታት ይሕብሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሜክሲኮ ብጌጋ እቲ ክሲ ናብ ዓለም-ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከም ዝቐርብ ሓቢሩ ነይሩ።

ዓለም-ለኻዊ ገበናዊ ቤት ፍርዲ (ICC) ኣብ ገበናት ዘተኩር ቤት-ፍርዲ ክኸውን እንከሎ፡ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ፍትሒ (ICJ) ኣብ መንጎ ናጻ ሃገራት ዝፍጠር ጎንጽታት ኣብ ምፍታሕ ዝሰጥፍ መጋበኢያ እዩ።




ኣብ ቦሊቭያ ዝርከቡ ኣባላት ቤት ጽሕፈት ቆንስል ሜክሲኮ፡ ብዘየቋርጽ ህልውና ፖሊስ ክትትል ከም ዝግበረሎም፡ ኣብ ህንጻ ኢምባሲ ዝስሕያ ድሮን (ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ) እውን ከም ዝዘንብያ ሓቢርም ነይሮም።

ኣብ መንጎ ክልቲኣን ዝነበረ ርክባት፡ ሜክሲኮ ካብ ስልጣኑ ብወተሃደራት ንዝለገሰ - ንኢቮ ሞራለስ ዑቕባ ድሕሪ ምሃብ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ሞራለስ ካብ ሜክሲኮ ወጺኡ ኣብ ኣርጀንቲና ኩይኑ ኣንጻር እቶም ዕልዋ ዘካየዱሉ ይቃወም ከምዝሎ ይግለጽ።

# ብዝሒ ሳተላይታት መራኸቢ ኣብ ጠፈር

ካብ ዝቐጽል ሰሙን ጀሚሩ ኣሽሓት ሳተላይታት ናብ ጠፈር ናይ ምፍናው ወጻኢ ዘሎ መደባት ዝሸቐሉ ሊቃውንቲ፡ መልክዕ ብከዋኽብቲ ዝተሸፈነ ሰማይ ክቕይር ከም ዝኽእል የዋኽኩ ምህላዎም ተሓቢሩ።

ስፔደስ ኤክስ ብዝተባህለ ኣመሪካዊ ኩባንያ ኣቐድም ኣቢሉ ዝተፈነዋ ብኣሽሓት ሳተላይታት ከም ዘለዋ ዝዝከር ኮይኑ፡ በዚ ሕጂ ወጻኢ ዘሎ መደባት ኣሽሓት ሳተላይታት ናብ ሰማይ ክለኣኻ ምድላዋት ተጻፊፉ ከምዝሎ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እተን ሳተላይታት ደሙቕ ብርሃን ከም ዘለዎ ነገር ኩይነን ስለዝረኣያ፡ ምስ ከዋኽብቲ ከምዝጋገያ ክኢላታት ይዋገኡ።

ካብ መሬት ናብ ሰማይ ዝጥምቱ ዓበይቲ ዳህሰስቲ ቴሌስኮፓትን ድማ ጠፈር ዝእከቡ ናይ ሬድዮ መሳርሒታትን በቲ ብብዝሒ ሳተላይት ክተዓናቐፉ ከም ዝኽእሉ እቶም ክኢላታት የረድኡ።

ናይ መራኸቢ ሳተላይት ብብዝሒ ናብ ህዋ ዝለኣኸሉ ምኽንያት፡ ርክባት ቅልጡፍ ኢንተርነት ናብ ኩሉ ኾርናዓት ዓለም ከብጽሕ ዝኽእል ሜላ ንምዝርጋሕ ተባሂሉ ከም ዝኾነ እዩ ዝንገር።

ካብ ዝቐጽል ሰሙን ኣትሒዙ ኩባንያ ስፔደስ ኤክስ፡ ኣብ ሰሰሙን 60 ሳተላይት ዝሓዘ ጉጅለታት ከወንጭፍ እዩ። ክሳዕ መወዳእታ እዚ ሓዲሽ ዓመት ድማ፡ ኣስታት 1500 ሳተላይታት ናብ ሰማይ ክሰድድ እዩ። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት እዚ ኩባንያ ናብ ጠፈር ዝልእኮን ብብዝሒ ሳተላይት 12 ሽሕ ከም ዝበጽሓ ይግመት።



ኣብዚ እዋን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ ሃዋህው ዝዝምብያ ሳተላይታት፡ 2,200 በጺሐን ከም ዘለዋ ምንጪታት የረድኡ።

ኣብ ብሪጣንያ ዝርከብ ዋን ዌብ ዝተባህለ ኩባንያ እውን፡ ድሕሪ ቀሩብ ግዜ 600 ኣብ ኢንተርነት ኣገልግሎት ዝህብ ሳተላይት ክፍኑ ተዳልዩ ከምዝሎ ጸብጻባት የሕብሩ።

ኩባንያ ኣማዞን እውን 3200 ሳተላይት ኣዳልዩ ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ማይ ተመናይ
ዕለት: 28/12/2019
ጎደና: ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ከባቢ ቤተ ክርስትያኣቡነ ኣረጋዊ
ቁ.ስልኪ: 08370134
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565